# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 336 2 ነሓሰ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ


ቀዳም



ገጽ 3 "ፍኖት ፍኖት ንክኸዪ"

ገጽ 4 ዝኸሪ ፍልፍል!



ገጽ 8 ተኹላ ኩተማ

ገጽ 10 ሓራምዝ ኤርትራ - ኣብ ዘሻቕል ኩነታት



ገጽ 11 ንገሰ ኣምለሶም




# ፖሊስ ኤርትራ፡ ብምውሓስ ስነ-ስርዓት ከሰልጥኖም ዝጸንሐ ኣባላት ኣመረቐ

ፖሊስ ኤርትራ፡ ከም መቕጸልታ ናይ'ቲ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላቱ ኣብ ዝተፈላለየ መዓያት ክብ ንምባል ክካይዶ ዝጸንሐ ስልጠናታት፡ ኣብ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ፖሊስን ጸጥታን - ደቀምሓረ ብምውሓስ ስነ-ስርዓት ዘሰልጠኖም 18 ኣባላቱን 9 ኣባላት ኣገልግሎት ምእራምን ተሃድሶን ብ31 ሓምለ ኣመረቐ።

ኣብቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ ናይቲ ማእከል ብርጌደር ጀነራል ኣደም መሓመድ ከፍል ኣብ ዘስመዖ ቓል፡ "ጸማ'ቲ ማእከል ስልጠናን ሕብረተሰብን ተመረቕቲ ንዘፍሰሞዎ ትምህርቲ ብሓላፍነት ምስ ዝሰርሕሉ'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ ዝኢ ኣብ ግብሪ ንምትርጓምን ሰላምን ጸጥታን ሕብረተሰብ ንምውሓስን ብዘይተገላበጸት ክሰርሑ ትጽቢት ከም ዘለዎም ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ሞያዊ ፖሊሳዊ ትምህርቲ ሜጀር ወልደጊዮርጊስ ዓንደገርጊስ ነቲ ስልጠና ኣመልኪቱ ኣብ ዘዘርዘሮ መብርሂ፡ ሓለዋ፡ ህዝባዊ ርክባት፡ ስልፊ፡ ሕጊን ትራፊክን ብሓፈሻ ምስ ምስፋን ሰላምን ጸጥታን ዝተሓሓዝ ከምዝሰለጠ ብምጥቃስ፡ ንተገዳስነት ስልጠንቲ መጉሱ።

ብጹብልታ ካብ ዝተመረቑ ሰልጠንቲ - ማሕሙድ ዓብደላ መሓመድ ሰዒድን ሃብተገርጊስ ሃይለን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ምቕጽጻርን ምውሓስን ስነ-ስርዓት ሓላፍነታዊ ስራሕን ቀጻሊ ጻዕርን ከምዝደልዩ ጠቒሶም፡ ንዝተረሕወሎም ናይ ስልጠና ዕድል ብምምስጋን ንሕብረተሰቦም ብምቕንዳን ተኣማንነትን ንምግልጋል ድልዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ፖሊስ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ፡ ብሞያ መርመራ



ትራፊክ፡ ኣተሓሕዛ መዝገብ፡ ምቕጽጻር ስነ-ስርዓትን ካልእ ምስ ሰላምን ጸጥታን ዝተሓሓዝ ንልዕሊ 90 ኣባላቱ ስልጠና ከምዝሃበ ሰነዳት ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ፖሊስን ጸጥታን የመልክት።

# ነበርቲ ኣቑርደት ስድራ-ስውኣት ንምሕብሓብ ዝጀመሩዎ ዕማም ብዝለዓለ ከምዝቕጽሉዎ ኣረጋጊጾም

ነበርቲ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ንስድራ ስውኣት ብዓይነትን ገንዘብን ኣጣዪሶም ኑብሶም ከምዝኽእሉ ንምግባር ክካይድዎ ዝጸንሑ ንጥፈታት ብዝለዓለ ከምዝቕጽሉዎ ኣረጋጊጾም።

ንሳቶም ዝኢ ደጊሞም ዘረጋገጹ፡ ኣቐዲሞም ብዘወጹ መደብ መሰረት፡ ን68 ደቂ ስውኣት ነፍሲ-ወከፎም ብዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ ከጣይሱ እንከለው፡ ቀጠባዊ ዓቕሚ ዘለዎም ስድራ-ቤታት ድማ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ደቂ ስውኣት ክኣልዩ ቃል ኣብ ዝኣተዉሉ ኢጋጥሚ'ዩ።

ኣብቲ ስነ-ስርዓት ዝተረኽቡ ሓላፊት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ወይዘሮ ፋጥና እድሪስ ኣብ ዘስመዓቶ ቓል፡ ነበርቲ - ደቂ ስውኣት ርእሶም ንምኽኣል ዝገብርዎ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ሓገዛት፡ መርኣያ ናይቲ ኣብ ሰሚኢታቶም ዘለዎም ፍቕርን ክብርን ምዃኑ ጠቒሳ እቲ ተበግሶ ብዝለዓለ ደረጃ ክቕጽል ተላብያ።

ኣቦ-መንበር ኮሚቲ ምሕብሓብ ደቂ ስውኣት ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ እድሪስ ፋይድ ብወገኑ፡ ነበርትን ወሃብቲ ትካላትን ከተማ ኣቑርደት ደቂ ስውኣት ንምሕብሓብ ብዝተጀመረ መደብ፡ ዛጊት ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ናቕፋን ልዕሊ 250 ኣጣልን ተዋጺኡ ህንጻዝምልከቶም ከምእተዓደለ ብምሕባር፣ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ዝርከቡ 8 ደቂ ስውኣት - ምስ ክራማት ብምትእስሳር ንፍሲ ወከፎም ሽሽዱሽተ ኣጣል ንምዕዳል ምድላዋት ተጻፊፉ ከምዝሎ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ተኽለብርሃን ገብረወልድ ድማ፣ ነቲ ሰናይ ተበግሶ ድሕሪ ምምጓሱ፡ እቶም ናይ ምጥያስ ዕድል ዝረኸቡ ዜጋታት ርእሶም ንምኽኣልን ቀጠባዊ ሂወቶም ውሑስ ክኸውንን ምእንቲ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዝሓሸ ናይ ስራሕ ዕድልን ባይታን ክፈጥር ዝተጻንዐ መደብ ሐሊዙ ከምዝሎ ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት 165 ደቂ ስውኣት ብዓይነትን ገንዘብን ተጣዪሶም ኑብሶም ዝኽእሉሉ ኩነታት ንምፍጣር መደብ ከምዝሎ፡ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

## ተመሃሮ ሓጋዝ ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን ብዝሓየለ ክነጥፉ መዘኻኸሪ ቀረቡ

ተመሃሮ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ ኣዕቢዮምንብክብርታት ሕብረተሰቦም ተገዚኦምን ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን ብዝሓየለ ክነጥፉ፣ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ምኽትል ተለንተ ክፍለየሱስ ኢሳቕ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ወፍሪ ልምዓት ተዋፊሮም ዝለዉ ተመሃሮ ኣብ ዝኣከቦ ኣስተምህሮ፡ ምኽትል ተለንተ ክፍለየሱስ፡ ተፈጢሩሎም ዘሎ ባይታን ጸጋታትን ብዝግባእ ተጠቒሞም ብመንፈዓቶም ተወዳዳርነቶምን ንገልግሎት መንእሰያት ኣርኣያ ክኾኑ፡ ከምኡ'ውን ንቕሓቶም ኣብሪኾም ሰላምን ጸጥታን ከብሒኦም ኣብ ምውሓስ ክጽዕሩ ተላቢዩ።

ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር፡ መጠን ገበናትን በደላትን ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብ14 ሚእታዊት ከምዝጐደለ ዝሓበረ ምኽትል ተለንተ ክፍለየሱስ፡ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ኣብ ሰብን ንብረትን ዘስዕቦ ጉድኣት እናዓበየ ይመጽእ ብምህላዉ፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ኣብ ጉዕዞኦም ዕቱብ ጥንቃቐታት ክዘውትሩ ጸዊዑ።

"ራኢ ፖሊስ ኤርትራ፡ ሰላም፡ ርግኣትን ልዕሊና ሕግን ዝሰፈኖ ሕብረተሰብ ምህናጽ'ዩ" ዝበለ ምኽትል ተለንተ ክፍለየሱስ፡ ህዝቢ ምትሕብባሩ ምስ ፖሊስ ኣሐዩሉ ኣብ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ገበናትን ሓደጋታትን ዘለዎ ኣበርክቶ ክብ ክብል ምእንቲ፡ ኣብ ሕጊ ዘለዎ ኣፍልጦ ከበርኽ ኣዘኻኺሩ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ዝወሃብ ኣስተምህሮን ዝቐየድ ኣሰራርሓን ኣብ ሕጊ ምሉእ ኣፍልጦ ንኽህልዎም ዝሕግዝ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ንምቍጽጻር ዝሕግዝ ምልክታት ኣብ ከተማ ሓጋዝ ብዝበዝሐ ክትከል፡ ጥዕናኦን ዘይተረጋገጸ ተሽከርከርቲ ድማ መንገዲ ክኽልከላ ተላብዮም።

## ሓረስቶት ሃይኮታ፡ ምህርቶም ኣብ ቆፎኡ ክሳብ ዝኣቱ ምክትታሎም ከዛይዱ መዘኻኸሪ ቀረቡ

ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ምህርቶም ኣብ ቆፎኡ ክሳብ ዝኣቱ እኹል ምክትታልን ክንክንን ከካይዱ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኢንጂነር ዳዊት ብርሃነ ኣዘኻኺሩ።

ኢንጂነር ዳዊት ንኢሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ክራማት ቀልጢፉ ብምጅማሩን እኹላት ትራክተራት ኣብ እዋኑ ስለዝመጻ፡ ሓረስቶት ብዘይ ጸገም ሕርሻዊ ንጥፈታቶም ከሰላስሉ ከምዝጸንሑ ጠቒሱ፡ ድሕሪ ማሕረስ ዘሎ ንጥፈታት ንምዕዋት ዘይተሓለለ ጻዕርታት ከካይዱ ጸዊዑ።

ኢንጂነር ዳዊት ኣሰዒቡ፡ ሓረስቶት ብሕጽረት ዘርኢ ከይሰናኸሉ'ውን ሚኒስትሪ ሕርሻ 100 ኩንታል ምሩጽ ዘርኢ ከምዝዓደለ ኣብሪሁ።

ሓረስቶት'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣቐዲሞም ብዝነበረ ክራማት ተባሒጉ ኣብ ዝጸንሐ ናይ ሕርሻ መሬት ናይ ምዝላይን ምምድማድን ንጥፈታት ምኽያዶም ኣብ እቶታውነት እወታዊ ተራ ከምዝህልዎ ዝጠቐሰ ተጸዋዒ ልምዓት ብቐሊ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ሰለሙን ጸጋዮ ብወገኑ፡ ብቐጻሊ ሞያዊ ምኽርን ኣሰራርሓን ከምዝካየዱ ኣብሪሁ።

ሓረስቶት ብወገኖም ንኢሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ሎሚ ዓመት ትራክተራት ኣብ ግዚኡን ብምምጽኡን ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታቶም ልዑል ሓገዝ ከምዝረኸቡ፡ ኑቲ ምሕደግ ዝበለ ናይ ሕርሻ መሬት ድማ ብዩታዊ ኣገባብ ከምዝሓረስዎ ብምምልካት፡ ዘድሊ ቅድመ-ምድላዋት ብምኽያዶም፡ ምስ ዘሎ ትሰፋው ክራማት ተደሚሩ ርቡሕ ምህርቲ ክሓፍሱ ትስፋዎት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

## ባህልን ክብርታትን ሕብረተ-ሰብና ብዝግባእ ናብ ወለዶታት ንኽሰጋገር ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ብውህደት ክቕጽል መዘኻኸሪ ቀረቡ

ባህልን ክብርታትን ሕብረተ-ሰብና ብዝግባእ ናብ ወለዶታት ንኽሰጋገር ምእንቲ፡ ህዝቢ ክብርታቱ መንነቱን ሃይማኖቱን ዓቂቡ ክኸይድ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ሳሚኤል ኣዘኻኺሩ።

ምስ ኢሪና ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፣ ኣቶ ተኽለሃይማኖት፡ ኣብዚ ዓለምና ብሸነኺ ሃይማኖታውን ቀቢላውን ምትፍናን ዘስዕቦ ብውግእን ወረ-ውግእን ትሕመስ ዘላ ህሞት፣ ሃገር ተስተማቕሮ ዘላ ሰላምን ርግኣትን ነዊሕ ታሪኽን ድልዱልን ሰረትን ዘለዎ፡ ከምኡ'ውን ዋጋ ህይወት ዝተኸፍሎ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ነዚ ክቡር ናይ ምንባርን ምክብባርን ብሉጽ ባህሉ ብዝግባእ ኪጥቀመሉን ክዕቅቦን ብምዝኽኻር፣ መንእሰያት ብዝግባእ ክኸስኩሱሉ፡ ከምኡ'ውን ብዕምቆት ክፈልጥዎ ተላብዩ።

ቀጺሉ ኣቶ ተኽለሃይማኖት፣ ናጽነት ሃገር ንምምጻእ ዝተሰገረ ከቢድ መድረኽን ኣብኡ ዝተኸፍለ መስዋእትን፡ ዋጋ ናይ'ዚ ሎሚ እነስተማቕሮ ዘለና ሰላምን ጸጥታን ከምዝኾነ ብምሕባር፣ መንእሰይ ወለዶ ነዚ ክብርታት'ዚ ሰሪቹ ኣብ ምውሓስ ሃገሩ ብዝበለጸ ክሰርሕ ተላብዩ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ወይዘሮ ኣምና ሓጅ ብወገና፡ ምዕቃብ ባህልን ክብርታትን ቀጻልነት መንነት ዘረጋግጽ ምዃኑ ጠቒሳ፣ ኣብ ሃገራውን መንፈሳውን በዓላት ዝርኣ ስጥመት ድማ ንብሩህ መጻኢ ኤርትራ ዘበስር ከምዝኾነ ኣሕቢራ።

ነበርቲ ብግዲኦም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ ታሪኽ፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ናብ መንእሰይ ወለዶ ንምስራጽ ዝቐየድ ንጥፈታት ብዘለዓለ ክቕጽል ብምዝኽኻር፣ ዝዓበየ ጸጋ ኤርትራ ሓድነትን ሰላምን ህዝባ ስለዝኾነ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ልዑል ኣድህቦ ተዋሂቡ ክስራሓሉ ተላብዮም።

## ኣብ ኣስማጥን ሃበሮን ዝወቕዐ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ሂወት ሰብን ንብረትን ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ - ምምሕዳር ከባቢ ሽጋሊን ንኡስ ዞባ ሃበሮ - ምምሕዳር ከባቢ ኣፍዓቡን፡ ብ29 ሓምለ ዝወቐዐ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ሂወት ሰብን ንብረትን ጉድኣት ኣውሪዱ።

ብመሰረት'ቲ ደንገዩ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ በቲ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሽጋሊ ዝወቐዐ ሓያል ዝናብ፡ ኣባላት ክልተ ስድራ ዝኾኑ ትሽዓተ ሰባት ብውሕጅ ከምዝተወሰዱ ተፈሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣሱዳ ኣብ 17 ሄክታር ለሚዑ ዝነበረ ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ክልተ ኩቡት ብውሕጅ ክወስድ እንከሎ፡ ኣብ ምምሕዳር ሃወሸ ድማ 70 ሄክታር ኣብ ጉስያ ዝበጽሖ ዘራእቲ ከምእተደምሰሰ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣቶ የውሃንስ ኣሰፍሃ ሓቢሩ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሃበሮ ምምሕዳር ከባቢ ኣፍዓቡን ብዘወቐዐ ሓያል ዝናብ፡ 15 ኣጣል፡ ክልተ ኣግማልን ክልተ ኣእዱግ ብውሕጅ ከምእተወሰዱ፡ ወኪል ምምሕዳርን ፋይናንስን ናይቲ ንኡስ ዞባ ገሊጹ።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
የሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ


## ሓጺር መልእኽቲ ብዛዕባ ዓሶ

ሕማም ዓሶ ካብ ሕማም ዓሶ ዝሓመመ ሰብ ናብ ጥዑይ ሰብ ብመንከስቲ ኣናፈልስ ዝተባህለት ኣንስተይቲ ጣንጡ ኣቢሉ ዝመሓላለፍ ሕማም ኢዩ።

ቀንዲ ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም ዓሶ ድማ፡

- ቊሪቊሪ የብል
- የንቀጥቅጠካ (ጉበኣ ይሕዝካ)
- ርእሲ የሕምም
- ሸውሃት ይዓጹ ማለት ናይ ምብላዕ ድሌት ኣይህልዎን
- ድሕሪ ብርቱዕ ረሃጽ የርህጽ
- ይቕረጥመካ (ሙብዛሕትኡ ኣብ መላግቦታትን ጭዋዳታትን)
- ዝበላዕካዮን ዝሰተኻዮን የምልሶካ . . .ወዘተ።

ስለዚ ዝኾነ ሰብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ምልክታት ወይ ስምዒታት ኣብ ነብሱ ይኹን ኣብ ስድራቤቱ ምስ ዘስዕብ ተቐላጢፉ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ መደበር ጥዕና ቀሪቡ ዘድሊ መርመራ ብምግባር ብግቡእ መድሃኒት ሕማም ዓሶ ወሲዱ ክፍወስ ይግባእ።

ሚኒስትሪ ጥዕና






# “ፍኖት ፍኖት ንክኾነ”

ወርቅሽ ካብታ ኣብ ተኾምብያ ዝነበረት ንእሹቶ መንበሪ ገዛኣ ክትብገስ ማዕጾ ናይታ ንእሹቶ ገዛኣ ክትዓጹ ኸላ ‘ኣምላኸይ ኣኽኣሊ. ኹሉ ኢኻ'ሞ ሰናይ ጉዕዞ ግበረለይ’ ብምባል ኣደሚጹ፡፡ ኣብ ሰፍራ ኣውቶቡሳት ምስ በጽሐት ናብ'ቲ ዝደለዮቶ ቦታ ብቐጥታ እተብጽሓ መኪና ክትረክብ ስለዘይክኣለት ግን ቅድም ናብ ባረንቱ ኣበለት፡፡ ካብ ባረንቱ ንኣስመራ ከደት፡፡ ካብ ኣስመራ ኸኣ ናብቲ ዝተበገሰትሉ ዕላማ - ናብ ዓሊ፡፡ እዚ ዝኾነ ኣብ መፋርቕ 1994 እዩ፡፡ ንሱ ኣብ 1990 ምስ ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፉ ክሳብ ዕለተ-ናጽነት ተጋዲላ'ያ፡፡ ድሕሪ ናጽነት ኣካል ናይቲ ዝጣየሰ ክፋል ህዝባዊ ሰራዊት ኰይና ደማ ተፋኒወት፡፡ ናብ ዓሊ ዘምጽኣ ጉዳይ ደማ ብምኽንያት ምጥያስ ንዝዋብኣ መጣየሲ-ገንዘብ ንምቕባል ነበረ፡፡

ዓሊ ብዘኣተወት ዝተቐበሎቶ ግን ገዝዑብ ጥራይ ኣይነበረን፡፡ ካብ ሓደ ቅድመኡ እዋን ናይ ሐደት መጻልታት ጥራይ ሌላ ዝነበራ ሰብ ደማ ምዉቕ ፍሽኽታ ቀረቦ፡፡ ንኣ'ውን ነቲ ፍሽኽታ መለሰትሉ'ሞ ሓብርም ኣዕለሉ፡፡ ርክቦም ንኽልተኦም ዝፍተዎም ኰይኑ ስለዝረኸብዎ'ውን ዕላሎም ኣሞቑ፡፡ ኣብ'ታ ለይቲ ብሓባር ክሳብ ዝሓድሩ ኸኣ ኸኑ፡፡ እዚ ምስሓለፈ ወርቅሽ ካብ ዓሊ ናብ ተኾምብያ ተመልሰት፡፡ ንእሽቱ ንጥፈታት ሸቐጥ እናገበረት ብሰላም ክትነብር ኢላ ብዮስ ክትብል ግን ሓደ ንምሉእ ዕድመኣ መቓልስቲ ዝኾና ጉዳይ ከኽሰት ተፈለጦ፡፡ ዕግርግር ካብላን ጋሻ ስምዒታት ክስምዕዋን ምስቀዶ፡ ኣብ ፈለማ ሓደ ንእሉቱ ዝፍወስ ሕማም ዝሓዘ እምበር ጥንሲ ዝጸረተሲ ኣይመሰላን፡፡ ካብኡ ዝሰዓብ ሳምንቲ ግን በታ ምሸት ዓሊ ዝኣከል፡ ዕሸል ኣብ ከርሳ ከምዝፈለሰ ኣረጋገጸ፡፡ ሻቕሎታ ደማ እቲ ጥንሲ ብዮስ ክብል ተበገሰ፡፡ ዚያዳ ኻልእ ሻቕሎት፡ ኣዝዩ ዝሸፍኣ ግና ብዙሓ ኣጥት ናይቲ ኣብ ከርሳ ዝነበረ ዕሸል እዩ፡፡ ስለዝኾነ ኸኣ ትሽዋት ኣዋርሕ ኣኸሉ ዕለተ-ሕርሳ ቅድሚ ምእካሉ፡ ነቲ ስሙን ስእሉን ጥራይ ሂብዋ ዝነበረ ሰብ ክተናደዮ ኾቺሉ፡፡ ግናስ ፈቐዶኡ ኩሊላ ፋይዳ ክተምጽእ ኣይከኣለትን፡፡ ሐደት ተሰፋ ዝረኸበት ካብ'ታ ዘራኸበቶም ዓሊ ኣትሒዛ ብዙሕ ቦታታት ምስበጽሐት ነበረ፡፡ ‘ትደልይዎ ዘለኺ ሰብ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኣሎ’ ዝብል ዘረባ ደማ'ዩ ዝነበረ፡ እቲ ዝተተሰፈውየ፡፡ እቲ ተሰፋ ኰይኑ ዘይተረፈ ወረ ምስ ደላያ ኣራኸበ'ሞ፡ “ካብኻ ጥንሲ ሐዘ ኣለኹ” ክትብል ነገሮ፡፡ ሃይለ ደማ “በጃኺ ኩሉል ኣይትበለ፡ መቕጻዕተይ ወዲኣ ካብ ማእሰርቲ ምስወጻእኹ ባዕለይ ክመጽኢ'የ” ኢሉ ከምዝፋኑዎ እያ እተዘንትወ፡፡ ድሕሪ'ዚ ናብ ተኾምብያ ምስተመልሰት እዋን ሕርሳ ኣኸለ፡፡ ዝተበኮረታ ደማ ጓል ኾነትላ'ሞ “ፍረወይኒ” ክትብል ሰመየታ፡፡ ፍረወይኒ ዓመት ምስፈቐደት እውን ወርቅሽ ደሃይ ሃይለ ገበረት፡፡ እንተኾነ፡ ኣቐሚጥዮ ዝነበረት ተሰፋ ክሳብ ትሰእኖ ፍጹም ደሃይ ቀበጸት፡፡ ህጻን ፍረወይኒ እግሪ እንክትተኽል ኰነ መልሓስ እንክተጽሪ፡ ኸኣ ደሃይ ሃይለ ኣይተረኸበን፡፡ ካብ ለሚ - ለሚ ደሃይ ክዝብር ይኸውን እናተባሀለ እውን ዓመታት ተሰትዩ፡፡ ብኸም'ዚ ኣገባብ ብዙሕ ምስተጸበየት ደማ'ያ ንጓላ ክንዲ ኣቦን ኣደን ኰይና ክትዕብዮ ዝወሰነት፡፡ ከምዚ እናኾነ ብዶብ ዝተሳበበ ወራር ወያነ ሰዓበ፡ ኣብ 2000 ዓ.ም. ሳልሳይ ወራር ኩይኑ ነበረ ተኾምብያ ምስተመዛበለ ደማ ወርቅሽን ጓላን ምስ ህዝበን ናብ ዓዲቀሺ ኣቦኣ፡፡ ሰለስተ ኣዋርሕ ምስተቐመጣ ደማ ካብ ዓዲቀሺ ናብ ኣፍዓበት ሰገራ፡፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ናብ ዓዲ ቀሺ ምስተመልሳ ኸኣ ኣርባዕተ ዓመታት ጸንሓ፡፡ ድሕሪ'ዚ ፍረወይኒ ምስገባኡት ናብ ዓዲ ሃኪን - ከባቢ ሽላሎ ቀዳራ'ሞ ንዓመታት ኣብቲ ቦታ ነበራ፡፡ ኩነታት መንበሮአን እውን ምስቲ ዝገዕዝኦ ዝነበራ ቦታታት ተቐያየረ፡፡ ወርቅሽ ኣብ'ቲ ፋልማይ ዓመታት ኣብ ከባቢ ተኾምብያ ምስ ዝነበሩ ሰራዊት ተቘጺራ ኣብ ምግዛብናን ካልእን እናሰርሐት ስድራኣ ትጥውር ነይራ፡፡ ጸኒሓ እውን ንእሽቱ ሸቐጥ ገበረት፡፡ ኩሉ ንጥፈታታ ምእንቲ ጓላ'ያ ትፍጽሞ ነይራ፡፡ ፍቕሪ ኣቦ ዘየማምቓ ፍረወይኒ'ውን ነቲ ኣደኣዊ ፍቕራስ ብዙሕ ከሰቡትሉ፡፡ እዚ ዘለገብስ እዋን ግን ኣብ መንጎአን ዘይምቅዳው ክሳብ ዝፍጠር ጥራይ'ዩ ዝነበረ፡፡ ፍረወይኒ ከም ሰብ ክትሓስብ ምስጀመረት፡ “ኣቦይ ኣበይ ኣሎ?” ዝብል ሕቶ ዕለታዊ እተቐርቦ ኰነ፡፡ ፍረወይኒ ኣዚ ዘከራ፡ “ኩሉ ሳዕ ነደይ ኣቦይ ኣበይ ኣሎ? ኣይመጻናን ደዩ? ይብላ ነይራ፡፡ ንሳ ኸኣ ነቲ ኣብ ጣውላ ተቐሚጡ ዝነበረ ጉርዲ ስእሊ ‘እዚ'ዩ ኣቦኺ፡ ወተሃደር'ዩ ግን ሓደ መዓልቲ ክመጸና'ዩ’ ትብለኒ ነይራ፡፡ ዕብየ ምስ በልኩ ግን ሕቶይ ክተርር ጀሚሩ፡፡ ምስ ምትራር ሕቶይ ከኣ ኣደይ ክትርበሸን ክተንጸርጽርን ጀሚራ፡፡ ንዓይ እቲ ምንጽርጻራ የፍርሓኒ ነይሩ፡፡ ግናስ ብዛዕባ ኣቦይ ካብ ምሕታት ኣይከልከለንን...”

ሓደ ዕለት፡ ፍረወይኒ ነታ ብስራሕ ወዲላ ንገዛ ዝኣተወት ኣደኣ ክትዕርፍ'ውን ከይገደፈት “ኣቦይ ኣበይ ከምዘሎን መን ምዃኑን ንገርኒ፡ ብኣኡ ክሓስብየ ወዲለ? በለታ፡ ኣምረረ፡፡ ብዘረባ ጓላ ዝተሰናበደት ኣደ ኸኣ ‘ዓዱ፡ ደቂዘርኡ - ዓንሰብ'ዩ፡፡ ብዛዕባ ምስሉ እንተኾነ ኸኣ እህለ ሰእሉ’ ኢላ መለሰትላ፡፡ በቲ ግዜ 17 ዓመት ደፊና ዝነበረት ፍረወይኒ ‘እሞ ናብቲ ዝበልክዮ ዓዲ ወሰድኒ፡፡ ምስ ስድራኡ ክፋለጥ፡ ኣሞታተይ ሓወቦታተይ ክፈልጥ እደሊ. ኣለኹ’ ክትብል ሕቶኣ ቀጸለ፡፡ እዚ ነደኣ ብዙሕ ኣጨነቓ፡፡ ካብ ፈለማ ኣትሒዛ ብዘተዋህለለ ብስጭት ተሳዒራ ዝነበረት ኣደኣ ጭንቀት ደረበት፡፡ ብጭንቀት ዝኣክል ክትሕግዛ ከምዘይትኽእል ምስ ተረደአት ከኣ ፍረወይኒ ወሰኑት - ባዕላ ናብ ደቂ ዘርኡ ክትከይድ፡፡

“ደቂ ዘርኡ ከይደ፡ ንብይነይ፡፡ ኣብ'ቲ ዓዲ ንዓበይቲ ዓዲን ነብራት ተቐማጦን ሓቲተ፡፡ እዚ ኩሉ ምስ ምሉእ ተስፋይ መጺአ ከብቅዕ ‘በዚ ምስሊ'ዚን በዚ ስም እዚን ኣብዚ ዓዲ፡ ሰብ የብልናን፡፡ ዓዲ ተጋጊኺ ደአ ከይትኾኒ ዝብል ምላሽ ሂቦምኒ፡፡ ዝ መልሲ እዚኣን ጓሂን ሐዘ ኸኣ ናብ ኣደይ ተመለሱ፡፡ ዘጋጠመኒ ምስ ነገርኩዋ እቲ ናብ ሕዱር ሕማም ጸቒጢ ዝቐየር ዝነበረ ጭንቀታ መለሱ ወሲኹ፡፡...”

ሃይለ ደሃዩ ጥራይ ዘይኰነ፡ ዓዱ'ውን ጠፍኣ፡፡ ኣገዳሲኡት መንነትካ ምፍላጥ ምሐር ዓቢ ምኳኑ ዝተገንዘበት ፍረወይኒ በዚ ኣየብቅዐትን፡፡ ካልእ ደቂ ዘርኡ እንተሎ ኣለሸት፡፡ ፈቐድኡ'ውን ኣናደየት፡፡ እንተኾነ ትርጉም ዘለዎ መልሰስ ኣይረኸበትን፡፡ ኩነታት ጥዕና ኣደኣ ካብ እዋን ንእዋን እናበኣሰ ስለዝመጸ'ውን ካልእ ሻቕሎት ኰና፡፡ ናብራ ምእላይ ኣብኣ ክወድቕ ስለዝጀመረ ደማ ነቲ ሻምናይ ዘብጽሐቶ ኣካዳሚ ኣቋረጸቶ፡፡ ብዛዕባ ጉዳይ ኣቦኣ ካብ ምሕታት ዝዕንቅጽ ናብራ ስለዝሓዘ እውን ኣብኡ ጡሓለት፡፡ ክትብል ክትብል ኣብ ዓዲ-ሃኪን ካብ ዝተሳለዮቶ ገብዘ ወለደት፡፡ ፍኖት ክብሉ ኸኣ ሰመዩዎ፡፡ ንቐኽሪ ወዳ ፍኖት ኢላ ዝሰመየትሉ ምኽንያት እንክትጠቕስ ፍረወይኒ ከምዚ ትብል፡ “ንወደይ ፍኖት ዝበልክዎ፡ ብርሃን ኩይኑ፡ ኣቦይ ናብ ዘለዎ ቦታ ከብጽሓንን ምስ ኣቦይ ከራኽበንን ብምብሃግ'የ፡፡”


# ኩርናዕ ካርቱን



# ዳየሪ

ሱራፌል ተ/ብሩኽ

ጆርናል



## ዝኸረ ፍልፍል!

04 ሰነ 2014 9:35 ድ.ቐ. - ኣስመራ




ምስቶም ኣዝዩ ዝፈትዎም መሳርሕተይን ተማሃሮይን ንፍልፍል ዘይወረድኩ ደኣ ምስ መን ክወርድ? ምስ ትፈትዎም ሰብ እንተ ውዒልካ መዓልቲ'ኻ ክጽብቕ ግድን'ዩ። እዛ ናይ ሎሚ ካብ ትጸቢተይ ንላዕሊ ሓለፋ ነይሩዋ። በቲ ሰሓቕ፡ ጸወታ፡ ምዝንጋዕን ቁምነገርን ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ተዘኪሮይ ዝመልስ ፍሉይ መዓልቲ'የ ውዒለ። መቐረቱ ሃንን እናበሎ እንክሎ ከኣ ከስፍሮ ተሃዊኸ።

"ንፍልፍል ደኣ ምሳና ክትዛወር ዘይትኽይድ፧" ክብሉ መሳርሕተይ ቅድሚ ክልተ መዓልቲ እዮም ተወኪሶሙኒ። ንክሓስብ ግዜ ኣይወሰድኩን። እፈትዎም ስለዝኾንኩ ብዝይካ "ሕራይ" ካልእ መልሲ ኣይነበረንን። ኑቲ ድግስ ዘድሊ ነገራት ብሓሳብ ክንእከብ ተዋፈርና። ምሉእ መዓልቲ ከኣ ሓደ ነገር ክስተብህል ውዒለ። ንምሸቱ ምስ መሳርሕተይ ሻሂ ክንሰቲ ኢልና ኮፍ ክሳብ እንብል ሓንቲ ቃል ኣየውጻእኩን። "ኣብ ልዕሊ ተማሃሮኽም ዘለኩም ፍቕሪ ኣዝዩ ገሪሙኒ ዊዒሉ። እቶም ተማሃሮ ከኣ ምስ ስድራኦም ዲዮም ዘለው ምስ መምህራኖም ክፈልዮ ኣይከኣልኩን" ኢለዮም። "ክሳብ ክንዲ እቲ ዝረኣኽዮ ኢና እንቃረብ" ክብሉ ሓጺር መስሊ ሃቡኒ። ምዝንጋዕ ናይዛ ናብ ስድራቤት ዝተቐየረት ክፍሊ ክርኢ ደማ ተሃወኽኩ።

እታ ተሰቒልናያ ዝነበረት ኣውቶቡስ ንበለዛ እያ ኣምሪሓ። ኣብኡ ዝነበሩ ተማሃሮ ሒዛ ምስታ ኣብ እምባ ደርሆ እትጸበ ዝነበረት ካልእ ሚኒባስ ተሓዊሳ። ጉዕዞ ናብ ፍልፍል ኮነ። ኣብታ ንዓና ዝሓዘት ሚኒባስ ናይ ሓደ ሰብ ድምጺ ጥራይ ዓብሊሉ ይስማዕ ነይሩ። እቲ ዋና ድምጺ ማእከላይ ደረጃ ዘሎ ተማሃራይ'ዩ ዝመስል። ኣብ ዘረባኡ ዘለው ሓሳባት፡ ምሩጻት ቃላት፡ መሳጢ ኣተዓልላ ግን ዝበሰለ ምዃኑ ትርዳእ። ሻም መኸየፍ! ናይ ሎሚ ጉዕዞ ብዘይ ሻም እንታይ ምምሰለት ክስእሎ ጸጊመኒ።

ብሰሓቕን ጸወታን ተመሊእና ከይተፈለጠና ፍልፍል ኣተና። መቓምጦና ንምጥጣሕ ዝበረ ሸብድብብ መምህራንን ተማሃሮኦምን ኑቲ ናይ ድሮ ትዕዝብተይ መሊሶ'ዩ ዘራጉድ። ናህዮም ከም በዓል ዳስ "እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!" ድሕሪ ምባል፡ ንመምህራኑን መማህርቱን ብጥጥሚ ገይሩ ክንእድን ክጫረቕን ጀሚሩ። መዘናግዒ መደባት እናሻዕ እናፈልፈለ ሓደ ኣብ ርእሲ ሓደ ቀረበ። በዓል ሳራ ዝዳለውኦ መግቢ ቀረበን "ንምሳሕ!" እንተ ዘዋብላ መግቢ ብሕክያ በዓል ናኣድ ክዝከር ዝኽእል ኣይነበረን። ናይ ሓበሻ ነገር እንተዘይተሰኪፍካ እቲ መግቢ ብሓንቲ ብያቲ ትሓልፎ ኣይነበረን። ድሕሪ መግቢ ምዝንጋዕ ቀጸሉ። እዞም ተማሃሮ ኣብ ክፍሎም ከምዚ ህይወት ነይሩዎም ኣይብልንየ። ናይ ዑደት ነገር ንኽሎም ሕፍረቶም ኣረሲዑዎም ክኸውን ኣለዎ። መምህራን ብግደኦም ብጥጥሚታትን ለበዋን ኑቲ መደብ ኣመቕሊሎም ቁምነገርን ማዕርግን ወሰኹሉ።

መደብ ተዛዚሙ ምምላስ ናብ ኣስመራ ምስ ኮኑ ማርታ፡ ኒታ ትስእላ ዝነበረት ሞባይለይ ኣቐበለትኒ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት (ሳንታ ኣና) ዝፈትዋ ማማህርተይ "ሚስ ኮል" ጸንሓኒ። ኣብ ተመሳሳሊ ኢጋጣሚ ምስ ደቂ ክፍለይ 11 — 1 ዘሕለፍኩዎ ግዜ ክዝክር ግድን ኮነ። እታ ናይ መውዳእታ መፋነዊ ድግስና ፍልይ ኢላ ተዘኪረትኒ። ኣሻቡ ሸሞንተ ዓመታት ሓሊፉ ምስ ዘኪርኩ ተገሪመ'የ። ኣስመራ ምስ ኣተና እታ ቀዳመይቲ ዝገበራ ከኣ ናይ ሽዑ ዳየረይ ደጊመ ምንባብ'ዩ።

ኣስመራ ኣቲና ሰዓት 9:00 ምሸት ተፈላለና። ግዛ ምስ ኣተና ከምቲ ዝሓሰብኩዎ ኑቲ ቅድሚ 8 ዓመታት ዝጀመርኩዋ ዳየረይ ቀዳማይ ገጽ ከንብብ ጀመርኩ። ኣብዚ ግዜ ምስቶም ናይ ሽዑ መማህርተይ ዘኹርዕ ምሕዝነት'ኳ እንተዘይብለይ፡ ምስ ገለኦም ብተሌፎን ምስ ገለኦም ከኣ ብኢንተርነት ንራኸብ ኢና። እቲ ናትና፡ ምስዚ ዝወዓልኩዎ ናይ 11 ክፍሊ መፋነዊ ድግስ ከውዳድሮ ፈቲነ። ሓደ ዓቢ ፍልልይ ደማ ረኺበ። ኣብቲ ግዜ ከምዚ ናይ ሎሚ ምስ መምህራን ጥቡቕ ርክብ ስለ ዘይነበረና ደዩ ዋላስ ካልእ ምኽንያት ነይሩዎ፡ ናትና ናይ ተማሃሮ ግብጃ'ዩ ነይሩ።

ምስዞም ተማሃሮ ፍልፍል በጺሐ ክመጽእ እንክለኹ ከም ዕዱም ብዙሕ ኣየበርከትኩን። ዘዘክራኒ ሓደ-ክልተ ኣርእስታት ግን ኣይሰኣናን። መቸም እዞም ናይ ሎሚ 11 ክፍሊ፡ ሓበን ቤት ትምህርቶም፡ ቤ/ት እምባ ደርሆ ክኾኑ እምጸለም። እዚ ኣብ ሞንጎኦም ዘሎ ብምውህሃብ ዝመስረቱዎ ፍቕሪ ኣብ ናይ ሳዋ ጉዕዞ ትምህርቶም ምስ ዝቕጽል፣ እዚ ናይ ሳዋ ጸንሖቶም ሰናይ ክኾነሎም፣ እተን ከም ህያብ ዳየሪ ዝተቐበላ፡ ከም በዓል ሊያ፡ ከኣ ቀዳማይ ገጽ ዳየሪኦን በዛ ናይ ሎሚ መዓልቲ ውዕሎ ክፍልምኦ... እምነ።

ኣቢስ ሃይለ

## "ዝጸልመተ ወኸይ እንክበርህ..."

ካብ ስራሕ ምስ ኣተኹ

14 ሚያዝያ 2014



ብዝከኣለኒ፡ ብምሉእ ዓቕመይን ወኒይን ስራሐ ካብ ዘይምስገን ነዊሕ ኩይኑ ኣሎ። ኣሰራሒትና ኣባይ ዝበራ እምነት ሎሚ ምስኣ ዘሎ ኣይመስለኒን። ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ጠቢያ እናተቐየረኒ ይመጽእ ኣሎ። ኣነ ከኣ መዛረቢ ከይትረክብ ካብ ካልእ ግዜ ንላዕሊ ስርሐይ ብጥንቃቐን ቅልጣፈን ክሰርሖ እፍትን። እቲ ትህበኒ ስራሕ ኣብ ደቓይቕ እናመጽኣት ክትከታተሎ ጀሚራ ኣላ። ከምኡ ኣይነበረትን። ግዜ ትፈልየለይ ነይራ እያ። ክሳዕ ወዲኣ "እንሆ" ዝብላ ብዝዕባኡ ኣይትዛረበኒን። ድሕሪ ስራሕ "ከምዚ ኣሎ ዝጐደለ" ትብለኒ ነይራ። ሎሚ ግን "ንምንታይ ተጐድሊ?" ኢላ ክትቋየቐ ጀሚራ። እንታይ ከም ዝገበራ ይጨንቐኒ ኣሎ ዳየረይ ወለላ።

እዚ ንእሽቶይ ምዃን፡ እዚ ተማሃራይ ምዃን፡ ክንደይ ክጥዕመዩ ኳሊይ። ብልበይ'ኳ'የ!! እዞም ገሊኦም ናይ ዶክትረይት ማዕርግ ረኺቦም ክሶም ገና ክምሃሩ ዝጽዕሩ ሰብ፡ በቲ ሓደ ወገን ሓቆም እዮም። ትምህርቲ ካብ ከምዚ ናተይ ጭንቂ እንተወሓደ ዑቕባ ይኾነካ'ዩ። ሓቀየ በሊ! እንታይ ደኣ'ሞ ክብል እየ። ካብኡን ናብኡን ተማሃሪት እንክለኹ እሓይሽ ነይረ። እምበር ሽዑ'ውን ወርጸጽ ክብል ዘይሓላፍነተይ እሰከም ነይረ'የ። ኣብ ግዜ ንእስነትካ ናይ ንእስነትካ ሓላፍነት ጥራይ ክትዓምምዩ ጽቡቕ። ዘይዕድመኻ ሓላፍነት ክትስከም እንክለኻ፡ ኑቲ ካልእ ጺጋ ንእስነት ትስውኦ ምህላውካ ኣይትፈልጥን ኢኻ።

ስራሕ ዓለም ካብታ ጽፍፍቲ፡ ገርሂን ምቅርቲን፡ ናብታ ገስረጥ ዓለም ዘሰጋግረካ እዩ። ሓቆምየም ዕድመ ንእስነቶም ክናፍቑ!! ኣቲ ነዛ ንእስነት ስግር ባሕሪ ኩይና ዞማዕደኹዋዶ መሲለ? ካብ እዝጊስ ካቡቲ ዕድመ መንእሰይ ቀኑብየ በሊዕ ዘለኹ። ሕማቕ ከኣ ለሚደ'የ። ካብታ ቀዳማይ ክፍሊ ዝጀመርኩላ ኣትሒዘ ሓንቲ ጐዶሎ ከይትርከበኒ እናጸዓርኩ'የ ዓብየ። ማማ ኩሉ ትገብሮ ዘበለ ስሩዕ እዩ። ዳርጋ ወተሃደር'ያ። ምኳንሲ ዘይወተሃደር'ያ ነይራ። ጫማይ፡ ክዳነይ፡ ጸጉረይ፡ ኣመጋግባይ፡ ግዜይ፡ ድቃሰይ፡ ዕረፍተይ... ኩሉ ስርዓቱ ዝሓለወ'ዩ። ኣብ ገዛና እንዳ መርፍእን ሞልጎም ከይተረፈ ፍሉጥ መቐመጢ ኣለዎ። እዚ ስሩዕ ኣካይዳ ማማ'ዩ ኣዕቢዩኒ። ኣብ ትምህርተይ ምስ ንፉዓት'የ ነይረ። ብመምህራነይ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ሕማቕ ገምጋም መጺኡኒ ኣይፈልጥን'ዩ።

ኣብዚ ስራሕ ምስ ኣተኹ ንኣሰራሒትና ቀልጢፈ'የ መሲጠያ። ምኽንያቱ ቅድሚ ሰዓተይ እንተዘይኰይኑ ካብ ሰዓተይ 10 ደቒቕ ደንጒየ ኣይፈልጥንየ። ስርሐይ'ውን ቀልጢፈ ተላሚደዮ፡ በዚ'ውን ተመሲጣ። ሓንቲ እምንቲ፡ ጸዕራም፡ "ኣምቢሽየስ" ሰራሕተኛኣ ምዃነይ ክትነግረኒ ክኢላ'ያ። ሕጂ ግን ዘይፈልጦ ገጽ ህይወት ከተርእየኒ ጀሚራ። እንታይ ኩይናያ ከምኡ ትኸውን ኢለ ክሓስብ ድቃስ ስኢነ። ብገለ ቡዲልያ ከይከውን ኢለ'ውን ሓሲበ። ግን ሓንቲ'ኳ ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝራኸብ ጉዳይ የብልናን። ከምዚ ዝበለኪ መሓዙተይ'ውን ኣብቲ ስሩዕ ህይወተይ ዝኣተዋ እየን። ዓምና ክንዲዚ ገንጨርጨር ምባላ ካልእ ጽቡቕ ገጽ ይህሉዎዶ ይኸውን ዳየረይ ወለላ!?

ምናልባት እዚ ሰጥ ዝበለ ጉዕዞ ህይወተይ ክንዲ ምንታይ ኣሰልካዩ ምዃኑ ክምዝበሉ ዘለኒ ግዜ'ዶ ይኸውን'ሞ? ከመይ ሰልኪዩኒ ኣሎ ማለት'ዩ። ንመጀመርታ ግዜ ዝፍትነኒ ዓቐብ ረኺበ ኣለኹ ማለት'ዩ። ዳንጋይ ኣትረረ ከመይ ኢለ ክወጽኦ'የ ክሓስብ እምብኣር ኣለኒ። መንእሰይ ምዃን የገድሰኒ ኣሎ ብሓቂ። መንእሰይ ደርዒማ እንዲዩ። ልክዕ ከም ሓይሊ ማይ። "ሓደ ነገር ብዘይ ትርጉም ኣይመጽእን እዩ" ክብሉ ሓቆም ክኾኑ ኣለዎም። Oh...! ዳየረይ ወለላ ምስጋና ንዓኺ! ሓደ ዝጸልመተ ክፋለይ ሎሚ ኣብሪህክለይ ኣለኺ። ጽባሕ ኣብ ስራሕ ተሓጒሰ'የ ክኸይድ። እትው ክብልን ኣፊሰይ ብፍሽኽታ ክትበርህን ሓደ ክገብሮ እየ። ኣሰራሒተይ'ውን ብሓጐሰይ ከም ትቐንእን ከም ትርዕድን ክገብራ እየ። መን ይፈልጥ! ቅልውላው ናብራኣ ኣባና ተራግፎ ትህሉ!? ንሳ ዝገበረት ትግበር፡ ዝሓሰበት ትሕሰብ፡ ጽቡቕ መንፈሰይ ኣይክጽይቐን እየ። ልዋም ለይቲ ወለላይ!!

ፍሽኽታ ድራራ

## "እንታይ'የ ዝኸውን ዘለኹ?"

10 ግንቦት 2014
6:35 ድ.ቐ.

ዳየረይ! ረኢየዮ'ሞ መልክዑ፡ ቁመናኡ፡ ፍሽኽታኡ፡ ...። ብዙሓት ንመልክዑይ ዘድንቑ ኣለው። ኣነ ግን ክንድኡ ዝምልክዕ ፍጹም ኣይመስለንን። ንሱ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ልበይ ሓጎስ ይመልእ። ቢቃ እሕጎስ!! ብዛዕባኡ ዕላል እንተተላዒሉ፡ ከዕልል መሬት ይጽልምተኒ። ደስ ከኣ ይብለኒ። ብሕማቕ የልዕሉዎ እንተደኣ ሃሊዮም ከኣ ዝፈለጥኩ ዘይብለይ ኣክንዳኡ እካታዕ። እንተ ረቲዕዮም ክንዲ'ቲ ረኺበዮ ዝሕጎሶ'የ ዝሕጎስ። ክኣምኖም እንተዘይክኢለ ግን ሕርር ኢለ'የ ዝሓድር።

ዳየረይ መዓረይ... ይቕሬታ ግበርለይ ከም ቀደመይ ሰላም ዘይበልኩኺ። ኩሉ ነገር እንደዩ ኣረሲዑኒ። ከምኡ'የ ኩይነ ዘለኹ። እንታይ'የ ዝኸውን ዘለኹ ኳሊይ!? ትማሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓደ ካብ ኣዕሩኽቱ "ሎሚ ኣይመጽእንዩ" ክብል ሰሚዐዮ። ኣብ ሓደ ጸግዒ ከይደ ከኣ ነቢዐ። ኣረ እንታይ'የ ዝኸውን ዘለኹ። ካብ ቤት ትምህርቲ ተፈዲሰ እናኸድኩ ኣብ መገዲ ስመይ ክጽውዕ ሰሚዐዮ። ልበይ ብሓጎስ ክትነጥር ደሊያ። ደው ኢለ ሰላም ምስ በልኩዎ ስምዒተይ ክሓብእ ኢጋደል ነይረ። "ከመይ ውዒልኪ? ትምህርቲ ከመይ ወዓለ?" ምስ በለኒ ኒታ ዕድል ክጥቀመላ ኣለኒ ኢለ ሓሲበ። ጽቡቕ ሰላምታ ምስ ተለዋወጥና፡ ናይ ባዮሎጂ ጥራዝ ክህበኒ ሓቲተዮ። ትምህርቲ ኣይወዓለን፡ ኣብ መገዲ'የ ረኺበዮ፡ ከመይ ኢለ ከምኡ ክብሎ እኽእል ይገርመኒ'ዩ። "ሕራይ! ንኺድ ገዛ" በለኒ።

ገዛኦም ልክዕ ከምኡ ሽኮሪና እዩ። ቦርሳኡ ከፊቱ ዋላ ሓንቲ ዘይተገድሰኒ ጥራዝ ኣውጺኡ ሂቡኒ። ካብ ገዛኦም ወጺእና ናብ ገዛና ገጽና እናኸድና ዕላል ጀመርና። ዕላል ይጥቀም ኣይጥቀም ዓሚቒ ዕላል'ዩ ነይሩ። ኣብ ሓደ ውሱን ዝበለ ቦታ ኮፍ ኢልና ከኣ ወጃዕ በልና።



ከዕልል እንክሎ እገሰይ ኣይሰመዐንን፣ ኣዒንተይ ግን ይጥምትኦ ነይረን። ኣዒንቱ፡ ክምስታኡ፡ እቲ ጸጺሒሉ ናብ ግንባሩ ዝመላለስ ዝበረ ለማሽ ጸጉሩ፡ ... ንኹሉ ኣድቂቐን ይዕዝባ። "ንሱ'ውን ከማይ ይግደስ እዩ" ኢለ ደምዲመ። ኣብ ትጽቢተይ ዘይነበረ ብምዃኑ ከኣ ተኸዪፍኩ። ምስ ሪም መሓዛይ ሰዓት 3:00 ቆጺራ ከም ዘለኒ ሃንደበት ምስ ዘከርኩ ሰዓተይ ተመልኪተኩ። 4:10 ኩይኑ። ክኸይድ ግድን ከም ዝኾነኒ ነጊረ ክሰናበቶ ኢደይ ሰደድኩ። ንሱ ከኣ "ሕራይ!" ኢሉ፡ ኣእዳወይ ግን ንደቒቕ ይኸውን ሒዙ ክለቐን ኣይከኣለን።

ናብ ሪም መሓዛይ ምስ ከድኩ ይቕሬታ'ኳ ክሓታ ኣይሓሰብኩን ዝኾነ ዘለኹ ኣዕለልኩዋ። ሪም ተመሲጣን ተገዲሳን ክትሰምዓኒ ከም ዝጸንሐት ምስ ኣረጋገጽኩ፡ እንታይ ይኸውን ከም ዘለኹ ሓቲተያ። "ክልተኹም ፍቕሪ ሒዙኩም ኣሎ" ኢላትኒ። "ፍቕሪ!" ደጋጊመ ኣድማጺያ፣ "ፍቕሪ!?"

ዲያና ፍስሃየ - ሰንዓፈ

# እንታይ ትመኽሩኒ

ጥዑምዝጊ ተስፉይ

## እንታይ እዩ ጉዳለዋ!

**ሓዳር ካብ ዝምስርት ዓሰርተ ዓመት ገይረ ኣለኹ። ኣቦ ሰለስተ ቈልዑ ድማ ኰይነ ኣለኹ። ኣብዚ እዋን እዚ ኩነታት በዓልቲ ቤተይ ኣጸጊሙኒ ኣሎ። ምስኣ ምሳይ ብስራሕ ዝራኸቡን ኣዕሩኽተይን ከሰልልን ብዝበ ስራሕ ኘኽጽራረብን "ሓደ ሓደ" ምባል ዘይተርፍ እዩ። በዓልቲ ቤተይ ክሳብ ሕጂ እናተቓጸጸትን ጸርጸር እናበለትን ብሓባር ጽሒፍ። ማስተን ሽጋራን ግደፎ እያ ትብል። ብፍላይ ማስተ ዝበሃል ከይትጥዕም፣ ተዘይሃኩይኑ ምሳይ ኣይትሓደርን ኢኻ ኢላ ስለ ዘቃበለት ምሕዳረይ ኣብ ሳሎን ካብ ዝሽውን ስሙናት ሓሊፉ ኣሎ። ኣብ ገዛ ዝጎደላ ነገር የለን። ዝተላተተትኒ ካብ ምምሳእ ድሕር ኣለ ኣይፈልጥን። ኣምሳኽ ይማስነን ድማ ዝሰኣንኩዎ የብለይን። ግናስ ጽጋብ ግዲ ሰጊጢቑዋ ኣብ ነብሰይ መጺኣ ክትእዝዘኒ ጀሚራ ኣላ። ዝ ሓዳር ፋሕ ከተብላ እያ ዓጢቓ ዘላ። ብልዓ፣ ስተዩ ደቅሽ ኣዕበዩ እብላ ኣለኹ። ነቶም ቈልዑ ክብል እምበር ንሳ እንተ ኸይዳ ወላ ሓንቲ ዝዓጠረ ኣይከውንን። በጃኹም እስከ ሕተቱለይ'ሞ መጋዲለይ ድሙ።**

***ረኺቢ ሽግር ካብ ኣስመራ***

በዓልቲ ቤትካ ጸዋር ብምዃና ክትምስገን ይግብኣ። ኣብ ሳሎን ንኽተሕድረካ ፍቓደኛ ምዃና እውን ዕድለኛ ኢኻ። ምኽንያቱ ገነኢ ኣብ ትሕቲ ዓራት እምበር ኣብ ሳሎን ኩሓድር ርኢና ስለ ዘይንፈልጥ። ንዓሰርተ ዓመታት ዝኣክል ተጻዊራትካ ብምጽናሓ ሕልናኻ ኩሓቑኖካን ንኽትትክሕሳ ክትጓቕልን እዩ ዝገበኣካ።

ክትመጻድ ዝገበኣካ ንሽኻ ደኣምበር በዓልቲ ቤትካ ኣይመስለናን። ወዲ ሰብ ብቐዳምነት ዘድልዮ ቁጠባ ዘይኮነ ሰላማዊ ማሕበራዊ ህይወት እዩ። በዓልቲ ቤትካ ውሕስነት፣ ሰላም፣ መንፈሳዊ ዕጋበት ከም እትደሊ ሓሲብካ ትፈልጥዶ? ኣብ ሓዳርኩም እውን ማዕረ ሓላፍነትን መሰልን ከም ዘለኩም ክትኣምን ይግባእ። ደብዳቤኻ ከም ዘጽርኦ ነቲ ማሕበራውን መንፈሳውን ሸነኽ ናይ ደቂ ሰብ ግምት ኣይሃብካዮን። 'በዓልቲ ቤተይ ቁጠባዊ ጸገም ክሳብ ዘይሃለዋ፣ ኣብ ካልእ መዳይ ናይ ሂወተይን ሂወት ሓዳርናን ኣይግድሳን እዩ' ኢኻ ትብል ዘለኻ። ብውሑዱ'ኳ ኣብ'ቲ መዓልታዊ ንማስተ እተጥፍኦ ገዘብ በዓልቲ ቤትካን ደቅኻን ብጽሒት ከም ዘለዎም ክትግምግም ምተገበኣካ። ማስተ ሰቲኻ ገዛ እናኸትኣቱ ኣብ ሰድራኻ እትፈጥሮ፣ ኣሉታዊ ሳዕቤን ድማ ዝገደደ። "ንቖልዑ ክብል እምበር ንሳ እንተኸይደት ዝዓጠረ ኣይከውን" ኢልካ ኣለኻ'ሞ፣ ካልእ ተሪፉ ንደቅኻ ትሓልየሎም እንተ ኴንካ፣ ብሽምቲ ዘለኻዮ ምሳኻ ካብ ምንባር፣ ካብኻ እንተ ተፈንተቱ ስለ ዝሓይሹ፣ እንተ ዘይተኣረምካስ ካብኻ ክርሕቁ ተመጸለም። ደብዳቤኻ ከም ዘህዶ ንበዓልቲ ቤትካ ከም ንብረት ገዛ ዝቖጽር ኣተሓሳስባ ከም ዘለካ እዩ። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ብኢጋ ካብ ኣእምሮኻ ኣውጽኣዮ። ሰበይቲ ካብ እንስሳ ዝፈልዮም ኣእምሮ እዩ'ሞ ንሰብ ምስሉ። ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ከም'ዚ ዝበለ እምነት ሒዝካ ምንባርካ ከሕንኸካ እዩ ዝግባእ። ኣብ መወዳእታ ክንበልካ እንደሊ. ኣብ ክንዲ ንጅብኻ ብገዝበብ ትመልኦ፣ ንሕልናኻ ብጽቡቕ ነገራት ምልኣዮ።



## ኣዕሩኽተይ ብኸመይ ክኣልዮም?

**ወዲ 16 ዓመት ተማሃራይ እየ። ኣዕሩኽተይ ኩሎዮም ጸይቅታት እናኸሉ መጺኦም። ኣብ መገዲ ምስ ዝሓለፈት ጓል ይላኸፉ፣ ይጸርፉ፣ እምኒ ይደርብዩ ይኳረፀኑ። ኣብ እንዳ ሻሂ እንተ ኣቲና በኪሪ ወይ ድማ ናይ ጨው መትሓዚ ሓቢኦም ይወጽኡ። ደገ ምስ ወጽኡ እናሰበርዎ ክሽዱ ከለዉ ጽቡቕ ዝገብሩ ዘለዉ እዩ ዝመስሎም። ብሓንሳብ ክንከይድ ከለና እቲ ዝገብርዎ ስለ ዘሕፍረንን ዘሕፍረንን ኣብ ዝኣትዎ እዩ ዝጨንቐኒ። ከምኡ ንኸይገብሩ ክመኽሮምን ክገንሖምን እንተ ፈተኹ ፈጺሞም ኣይሰምዑን እዮም። ተገምጢሎም "ዘራጢ" (ፈራህ) እናበሉ ይደህሉኒ። ካብኦም ከይፍለ ደቂ ገዛውተይን መማህርተይን ስለ ዝኾኑ ምሳይ እውን ጭሲ ከይገብሩ ተሰኪፈ። ከመይ ገይረ እየ ክኣልዮም ዝኽእል እብ ሓበሬታ ሃቡኒ።**

***S.B ካብ ኣስመራ***

ጽልዋ መዛና ኣመና ሓያል ምዃኑ ንሽኻ እውን ኣስተብሂልካሉ ኣለኻ። እዚህ'ኳ ካብኦታቶም ምፍላይ እንተ ውሓደ ኣሰኪፉካ ወይ ድማ ኣፍሪሑካ ከምዘሎ ኢኻትገልጽ ዘለኻ። ኣዕሩኽትኻ ወይ መሻይደትኻ ኣብዚ ሕጂ እዋን ሓይሊ ይሰመዖም ኣሎ። ፍሉያት ሰባት ክኾኑን ሰብ ክዝረበሎምን ፍሉይ ነገር ክገብሩ ይህንጥዩ። ምናልባት ብበውልቂ ኣብ ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ኣብ ከምኡ ዝበለ ጸይቅታት ክዋፈሩ ከፍርሆም ይኽእል እዩ። ብሓባር ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ግን እቲ ጉጅለ ሓይሊ. ዝህቦም ስለ ዝመስሎም፣ ብሓባር ኮይናም ጸይቂ ክገብሩ ይተባብዑ። "ምስ ህዝበኻ መዓት ዳርጋ ጋዓት" ከም ዝበሃል ኩሉ ብሰንኪ ሕማቕ ተግባራቶም ንዘሰዕብ ሓደጋ ብሓባር ከም ዘለዉ ስለ ዝፈልጡ ኣየስተውዕሉን። ብየብኡ እውን እቲ ዘለኹም ዕድመ ደርኩኹት ጉብዝና ብምዃኑ 'ገበዝ' ዝብል ስምዒት ስለ ዘለዎም፣ እቲ ዝፍጽምዎ ተግባራት ናይ ጉብዝና ስምዒት ዝደፋፍኦ እዩ። ማእሰርቲ ምስ ዘጋጥሞም፣ ስራሕ ሰብኡት ዝሰርሑ ኮይኑ ይስመዖም። ሰብ እንተ ሃረሙ ቅያ ከም ዝፈጸሙ ይሕበኑ። ከም'ዚ ዝበለ ባህሪ ኣብ ሓያሎ ኮተቴ ዝረአ እዩ።

እምበኣርከስ ንሽኻ ብውልቅኻ ምዒድካ ኩሉ ገሲጽካ ካብ ሕማቕ ተግባራቶም ክትኣልዮም ዘሎ ተኽእሎ ኣመና ጸቢብ እዩ። እቲ ክንምዕደካ እንደሊ. ኣብ ክንዲ ንዓኣቶም ክትኣሊ. ምፍታን፣ ንነብስኻ ክትኣልያ ከም ዘለካ እዩ። ብቐዳምነት እቲ ዝገብርዎ ጸይቂ ስለ ዘይተቐበልካዮ፣ ካብ መዛኖኻ ዝበለጸ ኣተሓሳስባን ልቦናን ከም ዘለካ ስለ እንኣምን፣ ንገዛእ ነብስኻ ንምእላይ የሸግረካ እዩ ዝብል እምነት የብልናን። ስለ ዝኾነ ካብኦቶም ክትፍለ ከም ዘለካ ንምዕደካ። ጽልዋ መዛና ሓያል ብምዃኑ፣ ብቐጥታ ክትሃጽጎም ከም ዘሸክፈካ ንርድኦ ኢና። ኩይኑ ግን ዝተፈላለዩ ምኽንያታት እናፈጠርካ ብብቑሩብ ክትፍንተዮም ትኽእል ኢኻ። ኣብ ገዛ ስራሕ ኣሎ፣ ተላኢኸ ኣለኹ፣ ኣብ መጽናዕቲ እየ ዘለኹ. . . እናበልካ ብብቑሩብ ንገዛእ ነብስኻ ኣግልል። ፈራህ ንኽይብሉኻ ኢልካ ኣንጻር ስምዒትካ ኣይትኺድ። ወላ'ውን ኣብ ሕማቕ ተግባራት ክትሳተፍ ዘይትደሊ. እንተ ኾንካ፣ ምስኦቶም ምኻድን ምውዓልን እንተዘየቋረጽካ ግን ኣብ መወዳእታ ከምኦቶም ክትመስል ምዃንካ ኣይተዘንግዕ። ምስኦቶም ኣብ ትህልወሉ እዋን ጸይቂ ክትገብር እንተ ዓደሙኻ ድማ "ኣይውዕሎን እየ" ምባል ልመድ።

## ንኽፋእ ብኽፋእ ምምላስዶ ይሓይሽ?

**ኣነ ዘይተጓዳኣይን ገርህን ክሰለይ፣ ሰባት ኣብ ልዕለይ ክፉእ ክገብሩን ክተናኽሉን ሓያሎ እዋን የጋጥሙኒ። ከም ፈተውተይን ሕማቕይ ዘይምዃን ኩይናም እናቐረቡ ተሞኽልዮም ከም ጸላእተይ ተቐይሮም ክሕስዱኒ፣ ከኽፍኡኒ ከሎዉ ኣመና እዩ**



**ባህሪ ወዲ ሰብ ዝተላዋወሰ። ሸለል ምባል ይሓይሽ ኢሉ ትም እንተበልኩ መመሊሶም ይገድዱ። ክፉእ ንዝፈሓሰልካ ብክፉእ ክትምልሰሉ ግዲ ይሓይሽ! ግለ በሉኒ'ባ።**

***ኣብርሃም ካብ ዓዲ ቀይሕ***

ኣብ ናብራኻ ኣመና ብዙሓት መሰናኽላት ከጋንፉኻ እየም። ሓያሎ ጽቡቓት ነገራት እውን ከምኡ። ሰባት ኣብ ልዕለኻ ክፉእ ዘንቀሎ ተግባራት ክፍጽሙ ዝደፋፍኦ፣ ምናልባት ዘይቅዱስ ቅንኢ. ደረኹዎም ክኸውን ይኽእል። ብኻልእ መንገዲ እውን፣ እቶም ኣብ ጉዕዞኦም ዓወት ዘይረኣዮም ሰባት፣ ኣብ ናይ ጻዕሪ ዓለም ስለ ዘየለዉ፣ ነቲ ክብሪ ግዜ፣ ኣብ ምምሃዝ ክፉእ፣ ሕማቕ፣ በለካ ለኽየኻ. . . የጥፍእዎ። እዞም ሰባት፣ ቅዱስ ሕልሚ ስለ ዘይብሎም፣ ናብይ ገጾም ከም ዝኸዱ ዘለዉ. ኣይፈልጡን እዮም። እተን መንገዲ ዓወት ከማዕድዋ ዝተሓረማ ኣዒንቶም፣ መንገዲ ክፉእ ከማዕድዋ ሰምታ የብለንን። ከምዚኦቶም ዝበሉ ሰባት ከም ዓወት ዝቖጽርዎ ነገር እንተሎ፣ እቲ በዓል ዕላማ ካብ መንገዲ ዓወት ሸተት ክብል ወይ ክወድቕ ምስ ዝርእዩ እዩ። ነቲ ብጻዕሪ ዝማሕደንም ሰብ እንተ ክኢሎም ናብ ድሕሪኦም ክመልስዎ፣ እንተ ዘይክኢሎም ድማ ማዕረኦም ክገብርዎ ይሓልሙ።

ንሽኻ ናብ ዕላማኻ ኣማዕዱ። እዞም ከምዚኦቶም ዝኣመስሉ ሰባት ናብ መኣዶም ክመልሱኻ እንተ ክኢሎም ከም ዝተዓወቱ እዮም ዝቖጽርዎ እሞ ተጠንቀቕ። ብዝዕባ ኣጦኻ ዝፈጸምዎ በደላት እናሓሰብካ ኣይትሕመም። እቲ ብኣታቶም እናሓመምካን እናተዛረብካን እተጥፍኦ ግዜ፣ ኣብ'ቲ ናብ ዕላማኻ ዝወስድ ዕምምታት ኣውዕሎ። እዛ ደብዳቤ ንኽትጽሕፍ ዘጥፋእካያ ግዜ'ኳ፣ ንሳቶም እንተ ዘይህልወስ ካልእ ጽቡቕ ነገር መፍረኻላ ነይራ። እዚ ክንብል ከለና፣ ክፉእ እናፈሓሰልካ ንቕድመኻ ጥራይ ጠምት ማለትና ኣይኮነን። ብጥቦ ዓይንኻ ካብ ምክትታሎም ኣይትቡር። እንተ ኸኣ ግን ንገዛእ ነብስኻ ተኸላኸላ ደኣምበር፣ ክፉእ ስለ ዝፈሓሱ ክፉእ ክትፍሕሶ ግዜኻ ኣይተጥፍእ፣ ክብረትካ እውን ኣይተጉድል። ድኹማት እዮም እሞ ከየድክሙኻ፣ ቅርሕንቲ ኣዋህሊልካ ሕነ ክትፈዲ ኣይትሓልን። ሕልምኻ ንኽተግህድ ንቕድሚት ቀጽል። ኣብ ኑቢ. ወገፍ እተዕወተሉ እዋን ሕማም እናወሰኹ ክርመሱ እዮም። ዝም ከምዚኦቶም ዝኣመስሉ ሰባት ካብ ዓወትካ ንላዕሊ. ዘቖጽዮም ነገር ስለ ዘየሉ ዓወትካ ኣርእዮም።



# ምልክታ

ጻሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## Invitation for Bids (IFB)

**Eritrea**

**Fisheries Development Project**

**DSF-08060-ER**

***Procurement of Flake Ice Machines***

**IFB No: MMR/FDP/ICB/G/0003/2014**

1. The Government of the State of Eritrea has received grant from IFAD toward the cost of Fisheries Development Project, and it intends to apply part of the proceeds of this credit to payments under the contract for the supply of **Flake Ice Machines**, **IFB No: MMR/FDP/ICB/G/0003/2014.**
2. Bidding will be conducted through the International Competitive Bidding (ICB) procedures specified in IFAd's *Guideline*, and is open to all bidders from Eligible Source Countries as defined in the Guidelines.
3. Interested eligible bidders may obtain further information from The Ministry of Marine Resources – Fisheries Development Project, Asmara, Eritrea, Tel: 291-1-153960, Fax: 291-1-153961, Email: mofishas@gmail.com, and inspect the bidding documents at the address given below, from 8:00-11:30 AM and 14:00-17:30 PM local time, Monday through Friday..[6]
4. A complete set of Bidding Documents in the English language may be purchased by interested bidders on the submission of a written application to the address below and upon payment of a none refundable fee ERN 1000.00 (one thousand Eritrean Nakfa only) or equivalent, starting Wednesday, July 23, 2014. Foreign bidders shall transfer the cost of Bidding Documents in USD 65.00 (sixty five US dollars only) to dz bank ag., Frankfurt, p.o.box 60265, FRANKFURT, GERMANY, SWIFT: GENODEFF for credit to Account no. DE39500604000001030736 of Bank of Eritrea, SWIFT BOERERAI, Asmara, Eritrea, in favor of beneficiary, i.e. Marine Resources – Fisheries Development Project for further credit to our Acct.No. Fisheries Development Project 120.122.0173 maintained with them being cost of bidding documents for the procurement of fishing gears. If documents are required to be sent by courier additional USD 65.00 (sixty five US dollars only) or equivalent shall be transferred to the above account number.
5. Bids must be delivered to the address below at or before 10:00 A.M. Local time (+3 GMT).. Electronic bidding will not be permitted. Late bids will be rejected. Bids will be opened in the presence of the bidders' representatives who choose to attend at the address below at 10:15 A.M. local time on September 18, 2014. All bids must be accompanied by a Bid Security of USD 7,000.00 (Seven thousand United States Dollars) or equivalent in any other freely convertible currency.

The address referred to above is:

Ministry of Marine Resources – Fisheries Development Project
P.O.Box: 923
Street and Zip Code No: Hday 748-1
Floor-Room number: Dembe Sembel, Block "A", Fourth Floor
City: Asmara
Country: Eritrea
Telephone: 291-1-153960
Facsimile number: 291-1-153961
Electronic mail address: mohsfaf@gmail.com or mofishas@gmail.com


## Abeba Hair Dressing Training Center
## መሰልጠኒ ስነ-ጽባቐ ኣበባ

ትካልና ንኩሉ ደላይ ትምህርቲ ስነ-ጽባቐ ብሙኩራት መማህራንን ብዓለምለኻዊ መጽሓፍቲ ተመርኲስና (Theory and Practical) ስልጠና ንህብ።

<u>እንህቦ ትምህርቲ</u>

※ መባእታ ትምህርቲ ሞያ ስነ-ጽባቐ
※ ኣነቓቕሓ (ምንቃሽ ንምህር)
※ ናይ ኢድን እግርን ምጽብባቕ (Manicure and Pedicure) እዝን ካልእን ንምህር
* ያታውን ዘመናውን ቁቦ
* ዝተፈላለዩ ዲዛይናት ኣፈሻሽላ

ኣብ መወዳእታ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ቅቡል ዝኾነ ምስክር ሰርቲፊኬት ንህብ ምኺንና ንሕብር።

ብልጫታትና

- ኢንተርናሽናል መወከሲ መጽሓፍቲ
- ንምምሃር ምቹእ ዝኾነ ቦታ

ኣድራሻና
ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ፊት ላተርያ ላ ዶልቸቪታ ጎኒ ኣድቫንስድ ኮምፒተር
ቁ.ቴሌ ኦፊስ 110418 ሞባይል 07418647

## ብስራት ንኣንበብቲ

ብፍጹም እምሃ ዝተደርሳ ክልተ ሓደስቲ ልብ-ወለድ መጳሕፍቲ ኣብ ኵለን ኣብያተ መጳሕፍቲ ተዘርጊሐን ኣለዋ!




ንዝያዳ ሓበሬታ ብቝ.ቴለ 07123834

## መጽሓፍ "ኮኾበይ ኮኾባ"

- ትዕድልትና፡ ባህርያትናን፡ ተውህቦናን እተፍልጠና
- ነቲ ዝቕየር ትዕድልቲ ንኽነምሓይሹ፡ ነቲ ዘይቕየር ድማ ኣብ ረብሓና ንምውዓል እትሕግዘና
- ዘገድሱና ንምሕጓስ ዘኽእለና ምኽሪ እትህበና
- ብሰሪ ዘይምፍላጥና ንዘይንፈጥሮ ሕጉስ ጽምዲ ብምርካብ ንሂወት ኪኖ ዕድል ምርጫ ናይ ምግባራ ዕድል እትኽፍተልናን መጽሓፍ!!!

ኣስትሮሎጂ ከም ሕጊ ሂወት!

ኣብ ዝተፈላለዩ ስቴሽነሪታት፡ ቤት መጻሕፍቲ ኣውገት፡ ሃገር ቤት መጻሕፍትን ካልኦትን

ቴለ 07114373/07318062


## ምልክታ

ኢራብ ትራንስፖርት ብርካዊ ማሕበር፡ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ማሕበር ኣኼባ ሰብ ብርኪ ከካይድ ስለዝደለየ፡ ኩሉኹም ወነንቲ ብርኪ ብኣካል ወይ ብሕጋውያን ተወከልቲ፡ ንዕለት 20/08/2014 ኣብ ማእከል ቤት ጽሕፈት ልክዕ ሰዓት 8:00ቅ.ቀ ክትርከቡ ነተሓሳስብ።

ኢታብ ትራንስፖርት ብርካዊ ማሕበር

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ መሰል ኣቶ መብራህቱ ዑቕባይ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጀማል ሓምድ መሓመድ ኣብ ዝነበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ዝተወሰነሎም ገንዘብ ክኸፍልዎ ፍቓደኛ ስለዘይኮኑ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቦሎን ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ መኪና ተሸይጣ መኽፈል ዕዳ ክትከውን ኣዚዙ
በቲ ትእዛዝ መሰረት

ቁ.ሰሌዳ ኢ-ኣር-1-10520 ቁ.ቻሲ WDB1232231A1712 መርቸድስ ዝዓይነታ ናይ ገዛ መኪና ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾነት ሮታመ ብኪኢላ ናቕፋ 11,500.00(ዓሰርተ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን) ተገሚታ
ስለዚ እዚ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ብሓራጅ ክሸየጥ ስለዝኾነ፡ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ዝሳተፍ ዝደሊ ቅድሚ ዕለት ሕራጅ ዘሎ ሓሙሽተ (5) መዓልታት ጀሚሩ ናይቲ ዝርቋሕ መጠን ገንዘብ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ.62 ኣብ ዝተዳለወ ዕጽው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር።
ብተወሳኺ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ C.P.O ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ደብተር ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።
ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ እንተዘይኣቕሪቡ፡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 28/8/2014
ሰዓት ሓራጅ፦ 30:00 - 4:00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ቁ.27

ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ.66 መጺኡ ሰነድ ክውከስ ይኽእል። ከምኡ ውን ነቲ ንብረት ከኢ ዝደሊ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ፋብሪካ ባተርያ FAI ዝነበረ ኣልፎርማዮ ከይዱ ክርኢ ይኽእል።

## VACANCY NOTICE

Merhaba Commercial Establishment invites candidates for the post of Secretary,
Requirements:-

- 4 years experience of Secretary & Computer Management.
- Education: 12[th] complete + .
- Fluent in English, Arabic, Italian and Tigrinya Languages.
- Age : 25 Years. Sex : Female. Salary : Negotiable.

N.B. Candidates should be National Service completed or exempted.
- Please mail your CV, photocopy of relevant supporting documents and contact us by our address:- P.O.Box No. 328 Asmara, Eritrea.

Deadline for application : 10 days from the day of publication of the Notice in Newspaper.

## NOTICE

Notice is here by given to the public that **Turkish Airlines Corporation** has registered and established a branch office in Eritrea.

1. The main office of the branch is in Asmara, Eritrea
2. The registered share capital of the corporation is (two billion Turkish Lira) USD 939,849,624.00.
3. The business objectives of the branch are;
   a) All kinds of air transportation of passengers, cargo, mail.
   b) Long range flights network
   c) Cell tickets and airway bills for transportation by air craft
4. Mr. Okan Uluocak has been appointed branch manager in Eritrea for indefinite period or until officially replaced.
5. The branch has been registered and established for unlimited period of time unless the corporation decides to dissolve the branch.

**TURKISH AIRLINES CORPORATION (SHARE COMPANY)**

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that **ERI-SUN ENERGY PRIVATE LIMITED COMPANY** is set up with the following details:

A. Founders

| | Founders | Nationality | Address | Shares |
|---|---|---|---|---|
| 1. | Rsta Hailaeb Bdho | Eritrean | Eritrea | 65 |
| 2. | Haddis Hailu Hagos | Eritrean | U.S.A | 1300 |
| 3. | Thomas Musa Maibetot | Eritrean | U.S.A | 5135 |

B. Head office of the company is in Asmara. Branch offices may be set up anywhere in Eritrea and/or abroad.

C. The registered capital of the company is 650,000.00 Nakfa divided in to 6500 shares at a par value of Nakfa 100 fully subscribed in cash

D. Business purposes of the company are: provide renewable energy products and services, manufacture, assemble ,market & re-cycle renewable energy products, trading: wholesale ,retail ,distribution, import ,export , agency, agriculture, irrigation, engineering services ,consultancy services, projects design and implementation ,enter into joint ventures.

E. Thomas Musa Maibetot is appointed as general manager.

F. The company is established for unlimited period.

**ERI-SUN ENERGY PRIVATE LIMITED**

# ተኸላ ከተማ



ብንያም ፍስሃጽዮን

መበል 30 ክፋል

ተኸላ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃማመተኤ ብስም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዓደሞ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ከሎቴል ብዝብል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።



ዳዊት ተገዲዱ ዝተኸሶ ጠያየት ልቡ ኣጥፊእሉ ናብ ዝመጽኣሉ ብጉያ ክምለስ'ምበር ካልእ ኣማራጺ ኣይተራእዮን። 'ኣብቲ ከባቢ ሰራዊት ከይህልዉ' ዝብል ናይ ነጥሪ ዘረባ ኣብ ከቢድ ስግኣት'ዩ ኣእትይዎ። ዘለዎ ዓቕሚ ኣኻኺቡ ብደንበርበር ንቕድሚኡ ቀጸለ። እቲ ንሳምራዊ ሒዙ ዝኸዶ መንገዲ ክምለስ እንከሎ ዝነውሐ ኰይኑ ተሰምዖ። ልቡ ብሓያል ጉያ፡ ከም ኩዕሶ ክትነጥር ደለየት። ግብ ዝበለ ጸልማት ኣብ ዝወሓጦን ብበለስ ኣብ ዝተሸፈነን ቦታ'ዩ ነይሩ። ኣብ ቀልባዕባዑ'ዉን ኣብ በለስ ተጻጊዑ ንኣእዳዉ ኣእጋሩ ተሳሂልዎ'ዩ። "እዋይ!'' ልቡ ወትፍ ኢላቶ ደዉ ኩብል ተገደደ። ሸዉሸዉ ዝብል ንፋስን ዘየረጋግጾ ድምጽን ኣብ ኣእዛኑ በጽሐ። 'ተኸሲ ሰሚያም ዝተኸተሉኒ ኣባላት ሰራዊት?' እንቅዓ እንቅዓ እናስተንፈሰ ሓሰበ። ትንፋሱ ወትፍ ወትፍ ይብሎ ነበረ። ኣዕሪፊ'የ ምስ በለ ቁሩብ ቀልቢ ገዚኡ ሸለብ ገለብ እናበለ ጉዕዞኡ ቀጸለ። ኣብ ማእከል በለስ ኴንካ ጉያ ከም ዘየዋጽእ ስለ ዝፈለጠ ዝረኸበ ክረኽቦ እናተጸናጸነ ብቐስታ ጉዕዞኡ ቀጸለ። 'እዛ መንገዲ ንሳ'ያ መስለኒ' ደጊሙ ደዉ ድሕሪ ምባል ምስ ነብሱ ተዘራረበ። ልቡ ዝተመልሰት ድማ እቲ ዝኸዶ መንገዲ ከም ዘላለዮ ምስ ኣረጋገጸ'ዩ። "እዋይ ተመስገን!'' ኣዕሚቑ እናስተንፈሰ ኣድመጸ። "እንቋዕ ጥራይ ኣየምለጠ እዚ ወድ'ዛ ኸልቢ!'' ምስ ሳምራዊ ተጻረፈ። ካብተን ዝተኸሰን ጠያይት እንተወሓደ ሓንቲ ዕላማኣ ወቒዓ ክትከዉን እምነቱ'ዩ። "ሃይ ኩብል ሰሚዐዮ'የ'' ብተግባሩ ተጸናንዐ። ዝተባህሎ ብዓወት እንተዘይፈጸሙ ገጽ ነጥሪ ክርኢ ከም ዘይክእል ይፈልጥ'ዩ።

ኣብቲ ፊልማ ተበጊሶሉ ዝበሎ ቦታ ምስ በጽሐ ዳግማይ ስግኣት ዓሲልዎ ናብ ኩሉ ኣንፈት ኣቕባሕብሐ። ሒዛቶም ዝመጽኣት ማኪና ኣብቲ ዝገደፋ ኣይጸንሓቶን። እዚ ድማ ከቢድ ስግኣት ኣኸተለሉ። 'ኣንታ ናበይ ከይዳ?' ምትእምማን ብዘይብሉ ስምዒት ምስ ነብሱ ኣንጸርጸረ። ተጋግዩ ኣብ ካልእ ቦታ ነይሩ ከይከዉን ዝተጠራጠራ ኣዒንቱ'ዉን ከረጋግጻ ኣቕባሕብሓ። ካልእ ኣማራጺ ስለ ዘይነበሮ ተንቀሳቓሲት ሞባይሉ ኣዉጺኡ ቁጽርታት ጠዋወቐ። 'ዝደወልኩሙሉ ዓሚል ኣይተረኽበን' ኣድመጸት ሞባይሉ። "እዋእ!'' ኣብ ልዕሊ ሞባይሉ ሓንሓነ። ኣብ ቀዉጢ እዋን ከይትኸድዮ ሓያል ስግኣት ኣንጸላለዎ። ደጊሙ ቁጽርታት ጠዋወቐ። ናብ መሳርሕቱ ቦኽረ'ዩ ክድውል ዝፍትን ነይሩ። ሸዑ'ዉን ዝተፈልየ ግብረ መልሲ ኣይረኸበን።

***

ኣዉቲስታ ዝመርሓ ማኪና ንቦኽረ ሒዛ ነጥሪ ኣብ ዝቕመጠሉ ቤት ካብ ትዕሽግ ገለ ደቓይቕ ሓሊፉ ነበረ። ቦኽረን ኣዉቲስታን ማኪና ዓሺጎም ነጥሪ ዘቕረበሎም ሕቶታት ኣብ ምምላስ ተጸሚዶም እንከለዉ ድማ'ዩ ናይ ነጥሪ ሞባይል ድምጺ ክትጉብር ዝተሰምዐት። "እዚ ድሁል ይድዉል ኣሎ'' በለ ነጥሪ ሕርቃኑ ከይሓብአ። "ዓርበ ረቡዕ ብተኸሲ ኣናዊጽዋስ ኣይሓፍርን ድማ ክድዉለለይ'' እናበለ ሞባይሉ ተቐበለ። "ኣንታ ሕማቕ!'' ብጸርፊ ጀመረ። "ሓንሳብከ ዘይኣኽለካ ምትኳስ! ሱብ'ምበር ገበል ቅተል ኣይብልናካን። በዓል ተሓሲቡስ ጠያይት ሻሕሺሕካዮ በቃ! . . . . ሕራይ ሓንሳብ ጥራይከ ዘይትትኩሱ። እንታይ ድዩ ነይሩ ስምምዕና? ካብ ዓቕምኹም ወጻኢ እንተኾይኑ ብሓንቲ ጥይት ከተቃብጽዎዶ ኣይኮነን ተሓቢርኩም? ደሓር ድማ ሓንቲ ጥይት ክንትኩስ የብልናን ስለ ዝበልካ ኢኻ እቲ ተልእኾ ንስኻ ክትፍጽሞ ተበጊስካ። ግና ካብ ቦኽረ ትሓይሽ ኣይኩንካን። . . .ሰሚዐልካ ኣለኹ ይእከልካ!'' ጾን ኢሉ ክሰምያ ኣይደለየን። "ዝገበርካ ገይርካ ጥራይ ምጻእ? . . .ይርሓቕ! ኣንታ ወዲ ዝብለካ ዘለኹ ስምዓኒ።'' ኣጉባዕበዐ። "ሕጂ ንዓኻ ክንምጽእ ክንብል ኣብ ሓደጋ ኣይንወድቕን ኢና። ዝገበርካ ገይርካ ከም ትመጽእ ጥራይ ግበር። . . .እንታይ? . . . .ኣዛብእ ኣለዉ!'' ካብ ክሳድ ንላዕሊ ሰሓቐ። "ስራሕ ናይ ዝብኢ ሱብ ካብ ዝቕበሎ ነዊሕ እንድዩ ገይሩ ኣንታ ዳዊት። ንስኻ ከይትብልያም'ምበር ንሳቶምሲ ኣይብልዑኻን'ዮም!'' ኣባጨወ። "ሓንቲ ጥይት ከይትትትኩስ እነግረካ ኣለኹ። ንግሆ ድማ ብቕልጡፍ ናብ ገዛ ትመጽኣኒ።'' ተወሳኺ ዘረባ ክሰምዕ ስለ ዘይደለየ ትእዛዝ ኣሕሊፉ ሞባይሉ ዓጸወ። "ታክሲ ገይርኩም ኪዱ'' ኑቶም ምስኡ ዝነበሩ ክልተ መንእሰያት ኣፋነዎም።

***

ፋኑኤል ስራሕ ካብ ዝፈትሕ መዓልታት ተቖጺሮም ነበሩ። እቲ ዘጋጠሞ ከቢድ ጉዳይ ግና ንኣእምሮኡ ተቛጻጺሩ ጸቕጢ ፈጢሩሉ ነበረ። ካብ ዝነበሮ ጸቕጢ ከዕርፍ ድማ ኣፍቃሪቱ ናብ ትሰርሓሉ እንዳ መቀያየሪ ይመላለስ ነበረ። "እዉይ ፋኑ!'' በለት ሚካያ ኣደህቦኣ ካብ ትብለጽ ኣልያ ናብ ፋኑኤል እናተኩረት። "ምስ ትብለጽ ሕጂ ክንዘክረካ ጸኒሕና። እዉይ ዕድመኻ ክነዉሕ።'' ኣብ ዕላል ከም ዝጸንሓ ሓበረቶ።

"ኣብ ኤርትራ ነዊሕ ዕድመ ጽቡቕዶ እሞ ትብልዮ?'' ግብረ መልሱ ናይ ተስፋ ዝቑረጸ ሱብ ይመስል ነበረ። "ከመይ ዉዒልክን? ብምንታይ ደኣ ዘኪርክናኒ?

"ኣንቲ በጃኺ!'' ትብለጽ ሃንደበት ሰንባደ ኣርእያ፡ ሚካያ ብዛዕባ'ቲ ከዕልልአ ዝጸንሓ ከይትዛረብ ተማሕጸነታ።

"ኣንቲ ኖርማል'ዩ በጃኺ! ደሓር ድማ ካብ ተመኩሮ ዘለዎም ሰባት ኢኻ ትመሃር። ካብይን ካብ ፋኑኤልን ኣብ ፍቕሪ ዝተመኩረ ድማ የለን'' በለት ሚካያ ክስዕራ ዝደሊ ዝነበረ ሰሓቕ ክትቆጻጸር እናፈተነት።

"እንታይ ሓድሽ ኣሎ ድዩ ትብለጽ?'' ፋኑኤል ብዙሕ ከይተገደሰ ጠመታ።

"ትብለጽ ኣፍቃሪ ረኺባ ኣላ'' በለት ሚካያ ቅልጥፍ ኢላ ምስ ሰሓቐ። ትብለጽ ብሕፍረት ኣብ ጽፍራ ክትኣቱ ደለየት። ንፋኑኤል ምጥማት ኣሰኪፍዋ ድማ ርእሳ ኣድኒና መሬት መሬት ጠመተት።

"ኣቐዲማኸ ኣፍቃሪ ስኢና ነይራ ድያ?'' ገጹ ኣዕቲቡ ሓተተ። ሕማቕ ስለ ዝነበረ'ምበር ምስ ትብለጽ ከምኡ ኣይኮነን።

"ሓደ ዝኾና ረኺባ ኣላ ማለትና ኢና ኣንታ'' በለት ሚካያ መሳርሕታ ሕማቕ ከይሰምዓ እናሸፋፈነት። "ሱቕ ኢሎም ዝሓቱ ደኣ መሊኦም። ወዲን ሕቶ ፍቕርን ጸሓይን ጽላሎትን እንዳኣሎም። ኣነ ቁም ነገር ዝሓስብ ስለ ዝተረኽበ'የ ዝብል ዘለኹ።"

"ኦ ጽቡቕ'ምበር!'' በለ ፋኑኤል ዝተሓጉሰ ክመስል እናደለየ። "ሓንሳእ ደልየኪ ኣለኹ ሚኪ!'' ሓበሬታኡ ኣሕሊፉ ንደገ ወጸ።

ሚካያ ደድሕሪ ኣፍቃሪኣ ሰዒባ ወጸት። ቃናኡን ስምዒቱን ኣዝዩ ኣሰንቢድዋ ስለ ዝነበረ እንታይ'ዩ ኩብለኒ ዝብል ሓሳብ ኣጨኒቕዋ ነበረ። "ደሓን ዲኻ ፋኑ?'' ተሰሚዕዋ ዝነበረ ጸቕጢ እንተቐለለላ ዝኾነ ክትግራ ተሃወኸት።

"ደሓን'የ፡ ሻሂ እናስተና ክነዕልል። ክትምለሲ ምኽንኪ ንትብለጽ ሓብርያ'' ኢልዋ ንቕድሚኡ ሰጎመ።

***

ብርኩታ ገና ገዛኣ ኣላዓዒላ ከይዛዘመት እንከላ'ዩም ናብ ቤታ ኣጋይሽ ክኣትዉ ዝረኣየቶም። እናነጠሩ ዝመጽኡ ዘይብጽሑ ሰባት ከይርከቡ ካንሸሎ ኣገፍቲናቶ ብምንባራ ክሳብ ዝኣትዉ ኣየስተብሃለትሎምን። ኣብ ኩሽነ'ያ ነይራ። ወዳ ካብ ዝጉዓእ ንደሓር ኣጋይሽ ዘይፍሊያ ብምንባሩ ዝበጽሑ ዝብል ግምት ኣሕዲራ ድማ'ያ "እተዉ'' ዝብል ድምጺ ዘሰምዐት። ናይ ኩሽነ ስራሕ ገዲፋ ናብ ሳሎን መርሓቶም።

"ሳምራዊ ደኣ የለን ድዩ?'' ካብቶም መጻእቲ ኣጋይሽ ሓደ ገና ኩፍ ከይበለ ብታህዋኽ ህላወ ሳምራዊ ሓተተ። ሳምራዊ ኣብ ቤት ክጸንሖ ምሉእ ትጽቢት ዝነበሮ'ዩ ዝመስል።

"ወጺኡ ኣሎ'' በለት ብርኩታ ኣብ ዝርዝር ከይኣተወት።

"ኣለሊኽናዶ ኣለኺ?'' ካልኣይ ሕቶ ኣስዓበ። "ንሳምራዊ ደቂ ኣሃዱኡ ኢና። እቲ ሓደጋ ምስ ኣጋጠመ ክንበጽሕ ኢልና መጺእና ነይርና።"

"ከመይ ኣለኹም ደሓንዶ ኣለኹም?'' ብርኩታ ሸዑ ምዉቕ ሰላምታ ኣቕረበትሎም። "እሞ ሳምራዊ ደኣ ናብ ኣሃዱይ ኢሉ እንድዩ ደኣ ከይዱ።'' ኣስዓበት።

እቶም ክልተ መንእሰያት ነንሕድሕዶም ተጠማመቱ። "መዓስ ደኣ ከይዱ? ንሕና ደኣ መንቀሳቐሲ ሒዝናሉ እንዲና መጺእና።'' ካብ ምግራም ከይወጸ ሓበራ።

"እንታይ ኢኹም ትብሉ?'' ብርኩታ ሰንባደ ቀበራ። ኣብ ገጻ'ዉን ሓያል ስግኣት ተነበበ። "እዋን ኣብ ዝብሉ ምድሪ መኪና ዝሓዙ ክልተ ሰባት ሓላፊኻ ይደልየካ ኣሎ ሕጂ ተበገስ ኢሎም ወሲዶምዎ።'' ዝርዝር ሓበሬታ ሃበት።

"እንታይ ኢኺ ትብሊ?'' ደጊሞም ተጠማመቱ። "እሞ ንሕና ዘይንፈልጦ ደኣ ብድሕሬና ወዲ ፋሲል ጸዊዕዎ ኰይኑ ኣሎ ማለት'ዩ።'' ቀዳማይ ዘረባ ኣተዓራረየ። "ዝኾነ ኩይኑ መንቀሳቐሲ ሒዝናሉ መጺእና ኔርና። ከይዱ ካብ በልክዮ ግና ንሕና'ዉን ምምላስና ስለ ዘይተርፍ ጽባሕ ኣብ ኣሃዱና ክንረኽቦ ኢና።'' ከም ዝተረዳድኡ ብሓባር ብድድ በሉ።

"እዚ ዘረባ ደኣ ከመይ ከመይ'ዩ?'' በለት ብርኩታ ስለ ዘይብርሃላ ደድሕሪኦም እናተሰአት። ብሰንኪ ሰንባደ ሻሂ ስተዩ'ዉን ኣይበሉቶምን። "ንስኻትኩም ሓላፊና ልኢኹና ካብ በልኩም ደኣ ንሳምራዊ መን ጸዊዕዎ?''

"ንሕና ካብ እንመጽእ ክልተ መዓልቲ ጌርና ኣለና። ናይ ሰራዊት ነገር ድማ ዝፍለጥ ኣይኮነን። ኣብ ደቓይቕ ከይተረፈ ምቅይያር ኣሎ። ምናልባሽ ብድሕሬና ካልእ ለዉጢ መጺኡ ክኸውን ይኽእል'ዩ።'' ካልኣይ ዘጸናንዕ ዝበሎ ዘረባ ኣስዓበ። ብርኩታ ክትሻቐል ኣይደለየን። "ብዝኾነ ጽባሕ ስለ እንኸይድ ደሃይ ፈሊጥና ክንሕብረኪ ኢና።'' ተወሳኺ ዘረባ ከይገበሩ መሰስ ኢሎም ወጹ።

"ኣንታይ ዘረባኦም ደኣሉ እዚ ዝሰማዕናዮ ኣንታ ዘወልዲ?'' ኣብ ደገ ምስ ወጹ ዕላል ከፈቱ።

"ኣነ'ዉን ከይትሻቐል እኳ'የ ቀልጢፈ ዘረባ ዝጠወኹ። ወዲ ፋሲል ደሓን ሓዚንካ ወድእ ኢልኩም መንቀሳቐሲ ወሰዱሉ'ዩ ኢሉና። ሓሳብ ቀይሩ እንተዝኸዉን ድማ ሱብ ልኢኹ ምሓበረና። እንታይ'ሞ ክንብል ኢና? ብዝኾነ ንጽቡቕ ይግበሮ።''

"እወ እንታይ ደኣ! ዝኾነ ኩይኑ ንሕና ኣብቲ እንዳ ክፍለ ሰራዊት ደዊልና ሓቢሬታና ከሕልፋልና ንሓብሮም። ሰበይቱ ናብ ኣሃድኡ ከይዱ እናበለት ትም ክንብል ኣይንኽእልን ኢና።'' በለ ንዘወልዲ እናጠመተ።

"ግና ሜላ እንተኾነኸ ዘወልዲ ዓርከይ? ምናልባሽ ስግረ ዶብ ከይዱ ከይከዉን? እዛ 'ኣነ ኣይፈለጥኩን፡ ምሳኹም እንድዩ ዘሎ' ትብል ዘረባ'ኳ ልምድቲ ኩይና'ያ።''

"ኣንታ ሓቅኻ ኢኻ ሃብቶም። እቲ ገጻ ድማ ከየስተዉዓልናሉ። ከምኡ ጥርጠራ ኣሎ እንተኾይኑ ብዘይ ወዓል ሕደር ቀልጢፍና ሕጂ ክንሕብር ኣለና። ግና ከምኡ ይጥርጠር ድዩ?''

"ዓርከይ፡ ሎሚ ዝእመን የለን። ሱብ ሎሚ ከምቲ ወኻርያ ዝበሎቶ ከይቀበርካዮ ኣይእመንን'ዩ'' መለሰ ሃብቶም።

"በል ሕጂ ደዊልና ክንሕብር'ዩ ዝሓይሸና።'' ናይ ህዝቢ ተሌፎን ናብ ዝርከበሉ ኣንፈት ኣማዕደዉ።

ይቕጽል






## ሕብረተሰብ ሽባብ

# መንእሰይ እንተ'ኼንካ!

**ኤርምያስ ሰሎሞን**

መንእሰይ ኢ'ኻ ኣዚ ጽሑፍ ተንብቦ ዘለ'ኻ ዝብል ግምት ወሲድና ኣለና። "New York" ዝተጻሕፎ ቆብዕ ጌርካ ምኻድ ከም ቅቡል ስለ እትወስዶ፡ ንስ'ኻ ኮነ እቲ ዝርእየካ ብዙሕ ኣይግረምን። "ኣቐ'ርደት፡ ከረን፡ መንደፈራ፡ ወይ ደቀምሓረ…" ዝብል ቆብዕ ጌርካ ክትከይድከ ናይ ብሓቂ ትብዓት ኣሎካዶ? ድሓን ብዘይቃልዓለም ንዛረብ። ንገብር'ወ! እንታይ ጸገም ኣለም! ኣይ ኩተማታት ሃገርና እንደዋን! ዝብል "ውርዙይ" ሰብ ኣይሰኣንን ይኸውን። እንተ'ኾኑ እዚ ኹሉ ኣብ ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝስራሕ ቆብዕ፡ ሽማግለታት እንተዘይኮይኖም መንእሰያት ስም ሃገሮም ወይ ጭርሖ ሃገሮም ዝገልጽ ጽሑፍ፡ እንትርፎ ኣብታ ሽዓ ኣጋጣሚ ካልእ እዋን ኣብ ርእሶም ክገብርዎ ኣይረአዩን። (ፍጹም ዝገብሩ የለውን ማለትና ኣይኮነን።)

USA: CANADA ዝብል መንዲል ወይ ባንዴራ ናይተን ሃገራት ኣብ ርእሰን ሰቒለን ዝኸዳ ደቀንስትዮ ውሑዳት ዘይምዃነን ክንሰማማዕ ተስፋ እንብር። ባንዴራ ሃገረን ግና ምናልባት ኣብ በዓል ናጽነትን ፍሉይ ኣጋጣምን እምበር ካልእ እዋንሲ እንድዒ! ንባንዴራና ኣዝዩና ስለ እንኸብሮ ኣብ ዝኾነ ተራ እዋን ኣይንመረሕሉን ኢና ዝብል ምጉት እንተ መጺኡ፣ እሞ ድማ "ልባዊ" እንተኾይኑ ኣይጽላእን እዩ። ግና ሓቂ ይግበሮ!

ኩታ ንመንነትና ዝገልጽ ቋንቋታት ሃገርና ድማ እተጻሕፎ ክዳን ክንለብስ "ትብዓት" ኣለና ድዩ? እዚ ደኣ ኣየናይ ዓቢ ጉዳይ ኮይኑ እዩ እሞ ብ "ትብዓት" ዝግለጽ ኣይንበል። ብፍላይ ኣብ መንእሰያት ናይ ብሓቂ ትብዓት ዝሓትት ጉዳይ እዩ። ስእሊ ቲጋኽ ወይ ፈፍቲ ሰንት ዘለዎ ጃኬት ወይ ማልያ ኣሽሓት ከፊልና ኢና ንዕድጎ። ስእሊ ቆርጫጭ፡ ስእሊ ወዲ ሸኹ ስእሊ ሂለን መለስ ዘለዎ ጃኬት እንተዝስራሕከ ሻማ-ሻማ ኢልናዶ ምዓደግናዮ? ወይ'ውን ንዕኡ ዓዲግና ኣብ ኩተማ ሸናዕ ክንብል ትብዓት ኣለናዶ?

እዚ ኣርእስቲ ኣየናይ ዓቢ ጉዳይ ኮይኑ እዩ እሞ ማዕረ ክንድኡ ዘተሓሳስበና? ክንብል ንኽእል ኢና። እንተ'ኾነ ፈቲና ጸሊእና ኣብ ውሽጡ ዓቢ ምስጢር ኣሎ። ሕቶ ብመንነትካ ምዀራዕ ወይ ምሽቑራር!

ዕላልና ቡቲ ተራ ነገር ዝመስል ግና ኸኣ ቀሊል ትርጉም ዘይብሉ ነገራት ጀሚርናዮ ኣለና።

ብመንነትካ ምዀራዕ፡ ስም ሃገርካ እምብዛ ስለ ዝደጋገምካ ኣይኮነን ሓቅነት ዝለብስ። ውሽጥ'ኻን ደገኻን ተዓሪቑም፡ እቲ ሰብ ዝገብሮ ወይ'ውን ሰብ ክትገብሮ ዝደልየካ ዘይኮነ እቲ ናይ ብሓቂ ንስ'ኻ ትኣምኖሉ ነገር ክትገብር እንተ ጀሚርካ ኢ'ኻ፡ "ናይ ብሓቂ ናይ መንነት ትብዓት ኣሎኺ!" ኢልካ ኣፍካ መሊእካ ክትዛረብ ትኽእል።

"ኣነ ናይ ትግርኛ ልቡወለድ ኣይፈቱን እየ! ናይ እንግሊዝኛ ፊክሽን እየ ዘንብብ" ዝብል ሰብ፡ "ብትግርኛ ሰሓቢ ስራሕ ኣይቀርብን ኣሎ" ዝብል መርትዖ እንተ ኣምጺኡ ቅቡል እዩ። ኣብ ምርጫኡ ኣቲ'ኻ ዝግበር የለን። "እንድዒ! ብዙብሰይ ናይ ትግርኛ ጽሑፍ ኣየንብብንየ። ኩልና እቶም 'ግሩፕ' እንግሊዝኛ ጥራይ ኢና ነንብብ" እንተ ኢሉካ ግና እንታይ ትብሎ። ብትግርኛ (ብሓፈሻ ብዝኾነ ቋንቋ ኣደኦም) ምሉእ ሓሳባት ክጽሕፉ ዘይክእሉ ሰባት ኣይኦም ትቕጽሮም።

ብቋንቋ ኣደ'ኻ ዝጸሓፍካዮ ደብዳበ ዋላ ኣይብላዕ ኣይስተ ይኹን፡ ሰብ ምስ ዘንብቦ ቡቲ ቋንቋ ዘይትግደስ ኮይኑ ስለ ዝስዕሞዮ ጥራይ ብዙሕ ኣየቃልበልካን እዩ። እንግሊዝኛ ክትጽሕፍ እንተ ፈቲንካ፡ እሞ ድማ ናይ ሰዋስው ንእሽቶ ጌጋ እንተ ጌርካ ግና ኣይጻወረካን እዩ፣ ንዝኾነ ሰብ ይዕለልልካ" ከም ደንቆሮ ድማ ትቕጽር።

ቋንቋ ባዕዲ ምምላኽ ከም ምዕባለ ይሕሰብ፣ ቋንቋ'ኻ ኣጸቢ'ቕካ ምምላኽን ብቛንቋ'ኻ ምሕሳቕን ግና ከም ኣኽራርነት ይሕሰብ።

ኣቲም መንእሰያት፡ ተራ ዕላል ኣይኮንናን ነዕልል ዘለና። እስከ ሃብስና ንፈትሽ ኢና ንብል ዘለና። ባህልና ነድንቕ፣ ብመንነትና ንዀርዕ ክንብል ከለና፡ ንናይ ደገ ባህሊ ወይ ጽልዋ ፎእ! ንበሎ ኣይኮንናን ንብል ዘለና። ግናሲ ብዋጋና ብዋጋ መንነትና ኣይኹን ኢና ንብል ዘለና። ብእኡ ኢና ኸኣ እዚ ጉዳይ ብ 'ትብዓት' ክንገልጾ ንፍትን ዘለና።

ንመንነት ዝምልከት ሓደ ሓቂ ኣሎ። ንሕና ንሃብስና ከመይ ኢና ንርእያ ፈጺሙ ኣየገድስን እዩ፣ ካልኦት ከመይ ይርእዩዋ እውን ፍጹም ዘሕምም ኣይኮነን። ንሃብስና ብድላይና ዓይኒ ንጠምታ፡ ንሳስ ልክዕ ከምታ ዘላታ እያ። ናይ ባዕላ መንነት ኣሎዋ! ብቐሊሉ ዘይሕከኽን ውጽኢት ብዙሕ መስርሓት ዝኾነን ምስሊ ድማ ኣሎዋ። ንጸዕዳ ክትመስል ስለ ዝደለ'ኻ፡ ጻዕዳ ኣየ'ኹብረካን እዩ። ጸሊም ኣይኮንካን ኢልካ ስለ ዝጨራሕካዮ'ውን እቲ ከማ'ኻ ጸሊም ኣጻዕድዩ ክየምጽኣካ ኣይ'ኽእልን እዩ። ብሓጺሩ ን'ኻልእ ክትመስል ምፍታን፡ ወይ'ውን ካብ መንነትካ ብምሕካል ዘይግብኣካ ክብሪ ክትረክብ ምድላይ እንትርፎ ኣብ ዘይውዳእ ሓሸውየን ጭንቀትን ናብ ዘብጽሓካ ነገር የብሉን። ምኽንያቱ፡ ፍቶ-ጽላእ፡ ንስ'ኹ፡ ንስ'ኻ ኢ'ኻ!!!!!

***

ብመንነትካ እምብዛ ምዀራዕ ወይ መን ከማይ ምባል! ንባዕሉ ሕማም'ዩ። እቶም ብቐሊሉ ዝጸልወና ዘለው ወገናት'ውን ከምኡ ስለ ዝኾኑ ኢና ንወቕሶም ዘሎና። እቲ ሓሳብ ክተሓዋወስና የብሉን። ብመንነትካ ምዀራዕ ክብሃል ከሎ፡ ኣነ! ኢልካ፡ ምጭዳር ወይ ምጭራሕ ማለት ዘይኮነ፡ ምስ ውሽጥ'ኻ ተዓሪቕካ፡ ናይ ብሓቂ ንእንታይነትካ ዝገልጽን ንውሽጥ'ኻ ቀጻልነት ዘለዎ ርግኣት ዝፈጥርን ተግባር ምፍጻም እዩ። እምበር ካብ ለውጢ ተሓሪምካ፡ 'ካልእ ሰብ ከይቀርበኒ" ኢልካ ኣብ በዓቲ ተሓቢእካ ምንባር ማለት ኣይኮነን።

***

እዚ ኹሉ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ኣብነታት መንነትና ኣብ ምፍታሽ እንተ ሓገዝና ኢልና ኢና ነዕልሉ ዘለና። ምኽንያቱ፡ ድሮ ኣብ ብዙሕ መዳያት ሂወትና፡ ያታውን ዘመናውን ኢልና ክንፈላሊ ጀሚርና ኢና። "ያታዊ" ከም ቅርሲ ክዕቀብ ዝግብኦ፡ "ዘመናዊ" ኸኣ ክሰዓብ ዝግብኦ ጌርና እንርድኦ ሰባት ክንህሉ ንኽእል ኢና። ንሕና'ኸ ያታውያን ሰባት ዲና ወይሲ ዘመናውያን? ላምከ ፍርቂ ጎድና ኣይትሰብሕን እያ።

ምዕባለ ወይ ዘመናውነት ብኣእምሮ ዝብጻሕ ደረጃ እምበር፡ ብልብሲ ወይ 'መልሓስካ ዓጺፍካ' ብምዝራብ ኣይኮነን ዝርከብ። ለባም ሓታቲ ኸኣ፡ "ኣብ ውሽጥ'ኻ እንታይ ኣሎካ? ብኣእምሮ'ኻኸ እንታይ ኣበርኪትካ?" ኢሉ እዩ ዝሓትት'ካ። እቶም ደገ'ኻ ርእዮም ወይ ቀ'ብጠርጠርካ ኣታሊልዎም፡ ከማ'ኻ ወይ ንኣ'ኻ ክመስሉ ዝደልዩ ሰባት ግና "ጽባሕ የራ'ኽበና" ኢ'ኻ ትብሎም። "ኣበይ ኢ'ኹምሞ ክትበጽሑ! ዘይ ኣብታ ዘለ'ኹም ኢ'ኹም ክትጸንሑ! ኣይግበሮ እምበር ንድሕሪት ድማ ትርግሑ!" እዩ እቲ መልሲ።

ሽግር መብዛሕትኦን "ዘይማዕበላ" ሃገራት እዚ እዩ። ዘመናዊ መሳርሒታትን ቴክኒካዊ ክእለታትን ስለ ዝመለ'ኾካ ወይ ስለ ዝበሃግካ ጥራይ "ምዕቡል" ሰብ ክትኮውን ኣይት'ኽእልን ኢ'ኻ። ምኽንያቱ፡ ምዕባለ፡ መንነት እዩ። ምዕባለ፡ ካልእ ሰብ ምዃን ማለት ዘይኮነ፡ ብሉጽ ሰብ ምዃን ማለት እዩ። ብሉጽ ምዃን ከኣ ባዕል'ካ ንሃብስ'ካ እተጠምቓ፡ ወይ ካልኦት ዝምጥወልካ ዘይኮነስ፡ ሕብረተሰብካ ጽቡ'ቕ ለውጢ ስለ ዘምጽኣካሉ ዝህበካ ኒሻን እዩ።

***

እቶም እተፈላለዩ ሓያል መሳርሒታትን መገድታትን ዘውንኑ ሓያላን እምበኣር፡ ኣብዚ ጉዳያት እዩም ኣብ ኣእምሮና ሕንፍሽፍሽ ዘእትዉ። ኮነ ኢሎም ዕላማታቶም ንምትግባር ደዮም ከምኡ ዝገብሩ ወይሲ ናትና ድ'ኽም እዩ ከምኡ ዘምስሎ ዘሎ ምስ ነብስና ወይ ምስ ካልኦት ንካትዓሉ። በዚ ኾይኑ ቡቲ ግና ኣሉታዊ ሃሲያኡ እናወሰ'ኸ ይኸይድ ስለ ዘሎ ኣብ ግምት ክእትዎ ጽቡ'ቕ እዩ።

ከም ሓቂ ግና፡ ኣዚ ኹሉ ጉዳያት እንተ ነቒሕናሉ፡ ንሳቶም ወሃብቲ ንሕና ድማ ተቐበልቲ ኣይኮንናን እንኸውን። እንታይ ደኣ… ጽቡ'ቕን ሕማቕን ዝፈሊ ኣእምሮ ስለ ዘተዓደልና፡ ነቲ ጽቡ'ቕ ነገር ኣብ ክንዲ ካብኦም እንጽበዮ ባዕልና ኢና ክንፍትሾ። ምኽንያቱ፡ ንሳቶም ይ'ኸውሉዎ ኣይክውሉዎ ብዘየገድስ እዛ ምድሪ ማእሊያ ዘይብሉ ጽቡ'ቕ ነገር እያ ሓቚፋ ዘላ። ኣብ ከምዚ ደረጃ ዝበጽሐ ኣእምሮ ድማዩ ኣብዛ ዓለም 'ናተይ' ዝብሎ ሓያል መንነት ክዋሪ ዝ'ኽእል። እምበር ምስ ዝመጸ ውሕጅ ዝኸይድ ሰብ ናብ ድሌቱ ኣይኮነን ዝኸይድ። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ውሕጅ እንተ ኣቲ'ኻ ንስ'ኻ ዘይኮንካ እቲ ውሕጅ እዩ ኣዛዚ። ኣብ ርጉእ ውቅያኖስ እንተ ኣቲ'ኻ ግና ስፍሓቱ፡ ብዘየገድስ ብሶላ'ኻን ጃልባ'ኻን ናብ ባህታ'ኻ የብጽሓ'ኻ እዩን።

ዕላልና ብቐንዱ ኣብ ልባዊ ኵርዓት ብመንነት ዘተኮረ እዩ። እቲ ጉዳይ ብዛዕባ ኣብ ባህሊ ምኹራርን ዘይምኹራርን ኣይኮነን። እቲ ጉዳይ ንተግባራትካ ብርግኣትን ብምልኣት ልብን ትፍጽሞ ዲ'ኻ ዝብል እዩ። ምኽንያቱ፡ ንግዚ ምድሪ፡ እዛ ክዳን ባህ ኢላትኒ (ካብ ውሽጥ'ኻ ዝመንጨወ ባህታ) ኢልካ ምኹዳንን፡ "ደቂ ስራሐይ፡ ኣዕሩ'ኹተይ… ነዛ ክዳን ከመይ ይርእዩዋ ይኾኑ?" ኢልካ ብሽቑረራ ምብጋስን ሓደ ኣይኮነን። ንሳቶም ባህ እንተ ኢላቶም ንስ'ኻ ትሕጉስ፣ ንዓኦቶም እንተዘይኣሕጉሳቶም ግና ተሸቑርሪካ ትውዕል እንተ'ኼንካ ፈቲ'ኻ ጸሊእካ ጸገም ኣሎካ።

- ንኣ'ኻ ባህ ዝበለካ ዕላል ደኣ ኣምጽእ እምበር፣ ንሰባት ከሐጉሶ ይ'ኽእል ይ'ኸውንዩ ኢልካ ዕላላት ክትምእርር ትውዕል እንተ'ኼንካ… እንታይ ገደሰካ? ብሓጺሩ ትነብር ኣይኮንካን ዘለ'ኻ!

- ንኣ'ኻ ባህ ዝበለካ መጽሓፍ ደኣ ኣንብብ እምበር፡ ምስ ሰብ መሐወሲ ክ'ኾነካ ኢልካ ጽሑፋት ምሽምዳድ ይትረፈካ… እንታይ እዩ እሞ ክዓብሰልካ!

- ምስ ዘ'ኹብረካን እተ'ኽብሮን ሰብ ደኣ'ምበር፡ ምስ ከይንዕቀካ ኢልካ እትሕልዎ ሰብ ምኻድ ፋይዳኡ እንታይ'ዩ

- ንዓ'ኻ ዘገድሰካ ናይ ብሓቂ ድማ ውሽጣዊ ዕግበት ዝህበካን ትርጉም ዘለዎን ፍልጠት ደኣ ክትምእርር ውዓል እምበር፡ "ምስዚ ግዜ ይ'ኸይድ'ዩ፣ ኣየሕፍረንን ድማዩ!" እትብሎ ፍልጠት ክትግፋግፍ ምውዓልከ ምስ ምንታይ ይጽብጸብ?






ኤርምያስ ሰሎሞን

# ሓራምዝ ኤርትራ - ኣብ ዘሻቕል ኵነታት

ኤርትራ፡ ሓንቲ ካብተን ብእንስሳታት ዘገዳም ሃብታማት ዝነበራ ሃገራት'ያ። ድሕሪ ግዜ ግና ብሰንኪ ሃድን፡ ኵናት፡ ድርቂ፡ ብርሰት ኣግራብ፡ ምስፍሕፋሕ ሕርሻ ወዘተ. ገሊኦም ፍጹም ክጸንቱ ኸለዉ፡ ገሊኦም ድማ ብኣዝዩ ውሱን ቍጽሪ ጥራይ ይርከቡ። ሎሚ ብፍሉይ ንህሉው ኩነታት ሓራምዝ ኣመልኪትና ንላዕለዋይ ክኢላ ዕቀባ እንስሳ ዘገዳም ኣቶ ፍጹም ሓጉስ ተወኪስናዮ ኣለና።


ኣቶ ፍጹም ሓጉስ



* መእተዊ ክኾነና፡ ብረብሓታት እንስሳ ዘገዳም ንጀምር...

- ረብሓታት እንስሳ ዘገዳም ኣዝዩ ብዙሕ እዩ፡ ካብቶም ቀንዲ ንምጥቃስ፦

ቁጠባዊ ረብሓ፦ ብዘውቶም ይኹን ወጽኢቶም ብምሻጥ ረብሓ ክርከብ ይከኣል። ብዘይካ'ዚ በጾሕቲ ብምስሓብ ዓቢ ቁጠባዊ ረብሓ ይህቡ።

- ኣብ ትምህርትን ምርምርን ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎም፡ እንስሳ ዘገዳም ተጠቂምካ ንወዲሰብ ዘርብሑ ምርምራት ክካየዱ ምኽኣሎም ይፍለጥ።

- ንመዘናግዒ፦ እንስሳ ዘገዳም ናብ ዘለውዎ ከባቢ ብምኻድ ዝርከብ ናይ መንፈስ ዕግበት ንዝኾነ ሰብ ብሩህ እዩ።

* እንስሳታት ዘገዳም እዚ ኹሉ ረብሓታት ካብ ሃለዎም፡ ንምዕቃቦም እንታይ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ?

- መንግስቲ ዝኢ ኣሰኪፌ ኩነታት እንስሳ ዘገዳም ሃገርና ናብ ንቡር ንምምላስን ኑቶም ንኹሉ ጸቕጥታት ተጻዊሮም ኣብ ኢደና ዝበጽሑ እንስሳታት ዘገዳም ንምዕቃብን ዝተፈላለዩ ጻዕርታት ኣብ ምክያድ ይርከብ። ገለ ካብቲ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ንምጥቃስ፦ እንስሳ ዘገዳም ከይህደኑ ወይ ከይቅተሉ ምክትታልን ምክልኻልን፤ ንዕቃብ እንስሳ ዘገዳም ዝኾኑ ቦታታት ምልላይን ምሕዛእን፤ ዓይነትን ዝርግሐን እንስሳ ዘገዳም ሃገርና ኣለሊኻ ከም ዝስነድ ምግባር፤ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕቃብ እንስሳ ዘገዳም ንምዕባይ ጉስጓስ ምክያድ ይርከቡዎም።

* እንስሳታት ዘገዳም ከይህደኑ ወይ ከይቅተሉ እንታይ ዓይነት ቍጽጽርዩ ዝግበር?

- ሕም ንደርቂ፤ ኵናትን ካልእ ጸቕጥታትን ተሳጊሮም ክሳዕ'ዚ እዋን ዝጸንሑ እንስሳታት ዘገዳም ህላወኦም ንምውሓስ ሓላፍነት ዘለኩመና ከም ምዃኑ መጠን፤ ኣብ ልዕሊ እንስሳታት ዘገዳም ዝኾነ ዓይነት ተጻብኦ ከየጋጥም ኩሉ ዝከኣል ዘበለ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ። ብቐጻሊ ከም ዝጥቀስ፤ ምስ ዘለና ኩነታት እንስሳ ዘገዳም ኣብ ሃገርና ሃድን ብጥብቂ ዝተኸልከለ እዩ።

ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ምስሳን እንስሳ ዘገዳም ዓቢ ግደ ኣበርክቲ ክብሃል ይከኣል።

መንግስቲ ንዕቀባን ምዕባለን እንስሳ ዘገዳም ንምሕያል ብ155/2006 ዝፍለጥ ኣዋጅ ኣውጺኡ። ብመሰረት ድንጋገታትን ዓንቀጻትን ናይዚ ኣዋጅ፡ ዘይሕጋዊ ምቕታል እንስሳ ዘገዳምን ብሕጊ የሕትት እዩ። ዝኢ ኣዋጅ ዘተግብሩ ተቖጻጸርቲ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳም ድማ ተቖጺሮም ኣብ ንጡፍ ስራሕ ተዋፊሮም ይርከቡ።

* ናብቲ ብቐንዱ ዘልዓልናዮ ዛዕባ ንእቶ፡ ኩነታት ሓራምዝ ናብ ኣሰኪፌ ደረጃ ይዕርግ ኣሎ ዝብል ስምዒትና። ኣብ ገለ ከባቢታት ዞባ ጋሽ ባርካ ብርክት ዝበሉ ሓራምዝ በብእዋኑ ይቕተሉ ኣለው። ኣብዚ ጉዳይ ዝያዳ መብርሂ ክትህበና...

- ልክዕዩ፤ ጋሽ-ሰቲት ሕዝእቲ ሓራምዝ ዝብሃል ቦታ ኣሎ። እዚ ኣብ ሞንጎ ሩባታት ሰቲትን ጋሽን ዝርከብ ቦታ እዩ። ሓራምዝ ንምዕቃብ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ዝተኣመመ ኾይኑ፤ ኣብዚ እዋን ወግዓዊ ሃገራዊ ሕዝእቲ ክኸውን ኣብ መፈጸምታ ደረጃ በጺሑ ይርከብ። ቅድሚኡ ግና ብዛዕባ ሓራምዝ ሃገርና ሓፈሻዊ መብርሂ ክንህብ ጸቢቑ'ዩ።

እዞም ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ሓራምዝ ብኣህጉር ደረጃ ኣገዳስነቶም ልዑል እዩ። ምኽንያቱ፤ ኣብቲ ዝለዓለ ሰሜናዊ ጫፍ ዝርግሐ ሓራምዝ ናይ ኣህጉር ኣፍሪቃ እዮም ዝርከቡ። ሰሜን ካብ ኤርትራ፤ ኣብ ዝኾነ በረኻታት ሓራምዝ ከም ዘይርከቡ እዩ ዝፍለጥ።

* ናብ ኩነታቶም ንመለስ፡ ብዝሖምን ኣነባብራኦምን ከመይ ኣሎ?

- ብዝርከቡሉ ቦታ ንጀምር። ብቐንዱ ኣብ መንጎ ሩባታት ሰቲትን ጋሽን'ዮም ዝርከቡ። እዚ ማለት ካብ ከባቢ ተኸዘ (ን/ዞባ ላዕላይ ጋሽ) ጀሚሩ፤ ኣውጋሮ ሓሊፉ ሩባ ጋሽ ድሕሪ ምጽንባር፤ ክፋል ን/ዞባ ጎግኔ ሒዙ ክሳዕ ከባቢ ሃይኮታ ይዝርጋሕ ማለት'ዩ። ኣብዚ ቐረባ እዋን ዝርጋሐኦም ናብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ በጺሑ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ንቑጽሮም ብዝምልከት፤ ኣብ ሃገርና ኣብ 1996 ብሓሪት ተደጊፉ ብዝተገብረ መጽናዕቲ፤ ብዝሒ ሓራምዝ ካብ 30 ዝበዝሕ ኣይነበረን። ክሳዕ ቀረባ ግዜ ድማ ብዝሖም ካብ 250-300 ከም ዝበጽሕ ይግመቱም ነይሩ። ኣብ 2002 ዝተወሰደ ስእሊ ከም ዝሕብሮ ኣብ ሓንቲ ጉጅለ ኣስታት 65 ሓራምዝ ከም ዝነበሩ ይሕብር። እዚ ይኹን'ምበር፤ ሓራምዝ ሃገርና ምስ ሓረስቶት ኣብ ቀጻሊ ግጭት ስለ ዝጽመዱ፤ ኣብ ጸቕጢ'ዮም ዝነብሩ ክብሃል ይከኣል።

ብሰንኩ ድማ ሎሚ ቍጽሮምን ቀጻልነቶምን ኣብ ኣሰኪፌ ደረጃ ይርከቡ።

* እቲ ቐንዲ ጠንቂ ናይቲ ግርጭት እንታይዩ?

- ምስ ምውሳኽ ቍጽሮም፤ ናብቲ ናይ ቀደም ስፍራኦም (Home range) ክምለሱ ኣብ ዝፈተኑሉ፤ ቦታኦም ናብ ናይ ሕርሻ ቦታ ተቐዪሩ ስለ ዝጸንሐ ምስ ሓረስቶት ናብ ግርጭት ኣትዮም። ብዘይካ'ዚ ሓደ ካብቲ ቐንዲ ጠንቂ ግርጭት ተለልዩ ዘሎ፤ ሕጽረት ማይ'ዩ። ሓራምዝ ዝበዝሐ እዋን ዝጸንሑሉ ቦታ፤ ከባቢ ሩባ ጋሽ'ዩ። እዚ ሩባ ውሱን እዋን ዛርዩ ስለ ዝጸንፍ፤ ማይ ንምርካብ ናብ ዒላታት ናይ ሰብ-ጀራዲን ክኸዱ ይግደዱ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ልዕሊ ናይ ሕርሻ ቦታታት ጉድኣት የውርዱ'ሞ ምስ ሓረስቶት ኣብ ግርጭት ይኣትው።

ሕጽረት ቀረብ ማይ፤ ሓደ ካብ ቀንዲ ጠንቂ ሞት ሓራምዝ'ውን እዩ። ሰዓት ከም ዝሕብሩዎ ንኣሾቱ ሓራምዝ ብገንሖም ካብ ዒላ ማይ ክረኽቡ ስለ ዘይክእሉ፤ ናብቲ ዒላ ክኣትዉ ኣብ ዝፍትኑሉ ግዳይ ሞት ይኾኑ ኣለዉ።

ብፍላይ ኣብ ኩርኩጂ (ን/ዞባ ጎግኔ) ዝርከብ ጀራዲን፤ ቀንዲ ጠንቂ ናይ ግርጭት ብምዃን፤ ንሓራምዝ ግዳይ ሞት ዝገብር ዘሎ ቦታ እዩ።

* እሞ እንታይ እንተ ተገብረ እዩ ዝሓይሽ?

- ዝኢ ኣሰኪፌ ተርእዮ ንምእላይ ሚ/ሪ ሕርሻ ምስ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካ ብምትሕብባር ኣብ 2009 መጽናዕቲ ብምክያድ፤ ክሊ ሕዝእቲ ሓራምዝ ኣቐዲሩ ኣብ ካርታ ብምስፋር፤ ኣብ መሬት ድማ ምልክታት ገይሩ ኣሎ። ስለዚ፤ እዚ ተበግሶ'ዚ ተግባራዊ ዝኾነሉ መገዲ ክፍጠር ይግባእ።

ብተወሳኺ፤ ማሕንቖ ናይ ማይ ንምፍታሕ፤ ዲጋታት ዝስርሐሉ ቦታታት ተለልዮም እዮም። በዚ መሰረት ሓንቲ ኣብ ላዕላይ ጋሽ እታ ሓንቲ ድማ ኣብ ን/ዞባ ጎግኔ ፍሉይ ስም ኩርኩጂ ዝተባህለ ቦታ'ዩ። ምስ ምስራሕ ናይዞም ዲጋታት፤ እዚ ዘሎ ግርጭት ክውሕድ ወይ'ውን ክውገድ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ድማ ቀጻልነት ሓራምዝ ውሑስ ክገብሮ ይኽእል'ዩ ዝብል ሓሳብ ኣሎ።

ብቐንዱ ግና ህዝቢ፤ ሓራምዝ ዘለዎም ቍጠባዊ፤ ምርምራዊ፤ ቱሪዝማዊ ኣገዳስነት ተረዲኡ፤ ኣብ ርእሲኡ'ውን ኣብ ቦታኦም ክነብሩ ማለትም ምዃኑ ተገንዚቡ ኣብ ምዕቃቦም ወሳኒ ሓላፍነቱ ክወስድ ኣዘኻኽር።

** *** **





# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er



## ንጉሰ ኣምለሶም

### “. . .ጉልበት ዝሓትት ውድድር እዩ ነይሩ”

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቦጎታ - ኮሎምብያ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ፍርቂ ማራቶን፡ ኤርትራውያን ኣትሌታት ንጉሰ ኣምለሶምን ሳምሶም ገብረየውሃንስን ራብዓይን ሻውዓይን ክወጹ እንከለው፡ ኣብ ተመሳሳሊ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ድማ ናዝሬት ወልዱ ሻዱሸይቲ ደረጃ ሒዛ።

ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ፡ ኬንያውያን ኣትሌታት እዮም ሳዕለዋይ ኢድ ብምጭባጥ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ክሕዙ ክኢሎም። ሻምፕዮን ዓለም ናይዚ ዓመትዚ ዝኾነ ጆፈሪ ካምወሮር ቀዳማይ ክኸውን እንከሎ፡ ደቂ ሃገሩ ዲክሰን ቹምባን ኪሙታይ ኪፕሊሞን ኸኣ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም። ንጉሰ ንዕኦም ሰዒቡ ራብዓይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ ኣብቲ ውድድር ናይ ጥዕና ጸገም ዝገጠሞ ሳምሶም ኸኣ ሻውዓይ ደረጃ ኮይኑ ውድድሩ ፈጺሙ።

ስሙያት ኣትሌታት ከም ኢትዮጵያዊት ገሉቴ በርቃ ዝኣመሰላ ኣትሌታት ኣብ ዝተሳተፋኦ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ፡ ናዝሬት ወልዱ ሻዱሸይቲ ደረጃ ብምሓዛ ብብዙሓት ተዓዘብቲ ተሞጒሳ።

ኖቲ ውድድር ፈጺሙ ናብ ሃገሩ ዝተመልሰ ንጉሰ፡ ምስ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዘካየዶ ሓጺር ቃለ መሕትት ድማ ከምዚ ይብል።

“ዋላ’ኳ ናብቲ ውድድር ድሒረ ከምዝሳተፍ እንተተሓበረኒ፡ ኣብ ጽቡቕ ቆመና እየ ነይረ። ብዝግባእ ድማ ልምምዳተይ ከኪይደ ጸኒሐ። እቲ ውድድር ልዑል ብራኸ ኣብ ዘለዎ ቦታ ይካየድ ምኻኑ ይፈልጥ ስለዝነበርኩ ሓያል ከምዝኸውን እምንቶ ነይሩኒ። ኣብቲ ውድድር ምስ ኣተና፡ ሻምፕዮን ናይዚ ዓመትዚ ኬንያዊ ኣትሌታት ጆፈሪ፡ ኣሲታት 12 ኪሎ ሜተር ምስ ተጓዓዝና፡ መጥቃዕቲ ፈጺሙ። ወዲ ዓዱ ሰዒብዎ። ኣነ እውን ብቐረባ ርሕቀት እግሪ እግሩ ሰዓብኩ። ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዘ ካልእ ኬንያዊ ድማ ይኽተለኒ። ኣብ መወዳእታ እቶም ኣቐዲሞም ዝሰሓቡ ኣትሌታት ቀዳማይን ካልኣይን ክኾኑ እንከለው፡ ድሕረይ ዝነበረ ካልእ ኬንያዊ ኣትሌት ድማ ኣብ መወዳእታ በለጸኒ። እቲ ውድድር ልዑል ጉልበት ዝሓትት እዩ ነይሩ። ጽዑቕ ልምምድ ብምኽያደይ ድማ ኣብ መወዳእታ ዋጋ ኸፊለ” ይብል እቲ ድሕሪ ሒደት ሰሙናት ሞሮኮ ኣብ ዝእንገድ ውድድር ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2014 ንምስታፍ ኣብ ልምምድ ዝርከብ ዘሎ ኣትሌት።

## መርሃዊ ቁዱስ ኣብ ውድድር ቮልታ እስጳኛ 2014

ተቐዳዳማይ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ክለብ ኤም.ቲ.ኤን. ኩቤካ ዝኾነ መርሃዊ ቅዱስ፡ ካብ 23 ነሓሰ ክሳብ 14 መስከረም 2014 ኣብ እስጳኛ ኣብ ዝካየድ፡ ኣህጉራዊ ውድድር ብሽክለታ ቮልታ ክሳተፍ ምኻኑ ሳይክሊን ፌቨር ዝተባህለት መርበብ ሓበሬታ ኣፍሊጣ።

እቲ ምንጪ፡ ብተወሳኺ፡ ዛጊት ኣብቲ ውድድር ከምዝሳተፉ ካብ ዝተፈልጡ ተቐዳደምቲ፡ መርሃዊ ብ20 ዓመትን 212 መዓልታትን እቲ ብዕድመ ዝነኣሰ ተቐዳዳማይ ኮይኑ ምህላው ተሓቢሩ። ብመንጽሩ ከም ክሪስ ሆርነን፡ ኣሌክሳንድሪ ፔታኪን ዝኣመሰሉ ተቐዳደምቲ ዕድሚኦም ልዕሊ 40 ብምኻኑ ስሞም ምስቶም ጉዳይም ተቐዳደምቲ ተሰሪዑ ኣሎ።

ዛጊት፡ ዋላ’ኳ ኩለን ኣብቲ ልዑል ተወዳዳርነት ዝረኣዮ ጸወታ ቮልታ ዝሳተፋ ጋንታታት ንዝወከላኦም ተቐዳደምቲ ብንጹር እንተዘይሓበራ፡ ክለብ ኤምቲኤን ግን ኣስማት ሓዱሽተ ተቐዳደምታ ኣቐዲማ ናብ ኣዳለውቲ ናይቲ ውድድር ልኢኻ ኣላ። እታ ክድሚ ሒደት ኣዋርሕ ኣብቲ ውድድር ከምእትሳተፍ ዘፍለጠት ደቡብ ኣፍሪቃዊት ጋንታ፡ ብዘይካ ንመርሃዊ ቁዱስ፡ ንክርትሲያን ስብራግሊ፡ ሉዊስ መንተገዝ፡ ሰርጅ ፓርዲላ፡ ሊኑስ ገርደማንን ገራልድ ቾለክን ኣብቲ ውድድር ከምእተሳትፎም ተፍልጥ።

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ዩሮፕ ካር ዝኾነ ናትናኤል ብርሃነ ኣብዚ ውድድርዚ ናይ ምስታፍ ተኽእሎኡ ልዑል ከምዝሎ እዩ ዝንገር ዘሎ። እንተኾነ፡ እታ ክለብ ክሳብ ትማሊ ንሰለስተ ኣባላታ ጥራይ እያ ኣብቲ ውድድር ከምዝሳተፉ ብወግዒ ኣፍሊጣ (እዚ ቁጽሪ ክውሰኽ እዩ)። ቶማስ ቮክለር፡ ዴቪድ ማላካርንን ሮማይን ሲካርድን እዮም።

ኣብ 2012 ምስ ኣውስትራልያዊት ክለብ ኦሪካ ግሪንኤጅ ኮይኑ ኣብ ቮልታ ስጳኛ ዝተወዳደረ ኣባል ኤም.ቲ.ኤን. ኩቤካ ዳንኤል ተኽለሃይማኖትን ሎሚ ዓመት እውን ናይ ምስታፍ ተኽእሎ ከምዘለዎ ይንገር ኣሎ - ዋላ’ኳ ዝኾነ ወግዓዊ መግለጺ ክለብ ኤምቲኤን እንተዘይተዋህበ።

ንመበል 69 ግዜኡ ዝካየድ ውድድር ቮልታ ስጳኛ ምስ ቱር ዲ ፍራንስን ጂሮ ዲ ኢታልያን ዝስርዕ ናይ ግራንድ ቱር መለክዒ ዘለዎ ቅድድም ኮይኑ፡ 21 መድረኻት ክሽፍን እዩ።

ልዑል ተወዳዳርነት ኣብ ዝረኣዮ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ቮልታ እስጳኛ፡ 22 ክለባት ኣብ ውድድር ክጽመዳ እየን።




## እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ?

= ተጻዋታይ ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ - ዴቪድ ቪያ፡ ናይ ቅድም ጋንታኡ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት መሊሳ ተወዳዳሪት ኮይና ከምእትቐርብ ተዛሪቡ። እቲ ኣጥቃዒ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ነበር፡ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ነታ ጋንታ ተዓዊቲት ላሊግኣኸምኡ ድማ እብ ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክትበጽሕ ልዑል ኣስተዋጽኦ ነይሩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ኣብ ኣመሪካ ምስ ዝመደበራ ክለብ ብመልክዕ ልቓሕ ተሰጋጊሩ ይርከብ። ንዲያጎ ኮስታ፡ ፊሊፔ ሉዊስን ኮርቶኣን ንዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ናብ ካልእ ክለብ ዘፋነወት ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ብብዙሓት ወገናት ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ከምዝብደሃ ይንገረላ። እንተኾነ እቲ ናይ ቅድም ተጻዋታያ እዚ ጉዳይ እዚ ንኣሰልጣኚ ዲያጎ ሲሞን ከምህ ከምዝየብል እዩ ዘረድእ።

= ብፊፉ ካብ ንጥፈታት ኩዕሶ እግሪ ዝተኣገደ ሉዊስ ስዋረዝ፡ ብሓደ ትካል መፍረ ፊልም፡ ኣብ ታሪኽ ሂወቱ ዘተኮረ ዶክመንታሪ ፊልም ይስርሓሉ ምህላው ተሓቢሩ። ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ንኢጣልያዊ ኪሊኒ ብምንካሱ ተሪር መቕጻዕቲ ዝተበየነሉ ስዋረዝ ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ ውልቁ ዓላሚ ምብቑጻር ልምምድ የካይድ ምህላው ይግለጽ።

= ሓለቓ ጋንታ ክለብ ሊቨርፑል ስቴቨን ጀራርድ፡ ሊቨርፑል ብዘይ ሉዊስ ስዋረዝ ንዋንጫ ክትወዳደር ብቕዓት ከምዘለዋ ገሊጹ። ንሱ፡ ቶረዝ ናብ ቸልሲ ምስ ተሰጋገረ ሊቨርፑል ከምዝብቀዐት ዝገለጹ ወገናት ከምዝተሩን ብምምልካት፡ ይኹን እምበር፡ ምውጻእ ቶረዝ ንሊቨርፑል ከምዝይጸለዋን ምስ ዓበይቲ ክለባት እንግሊዝ ንኽትወዳደር ከምዘጸገማን ወሲኹ ሓቢሩ። “ስዋረዝ ሓያልን ኣገዳስን ተጻዋታይ እዩ” ዝበለ ጀራርድ፡ ሊቨርፑል ዓባይ ክለብ ብምኻና ንቕድሚት ካብ ምግስጋስ እትዓግታ ክለብ ከምዘየላ ተዛሪቡ።

= ንሳሙኤል ኤቶ ኩተጣይቕ ዝቐጸየት ዌስት ሃም፡ እቲ ካሜሩናዊ ብሰንኪ ዝሓተቶ መጠን መሃያ ካብቲ ዝርርብ ምውጽኣ ኣፍሊጣ። ኤቶ 120,000 ፓውንድ ንሰሙን ነታ ክለብ ሓቲቱ ነይሩ።



## ቅንጥብጣብ

= ተኸላኻሊ ቶተንሃም ሚኪ ሮስ ምስ ክለቡ ንተወሳኺቲ ሓሙሽተ ዓመታት ዘጽንሖ ውዕል ምኽታሙ ተሓቢሩ። ወዲ 24 ዓመት ሮስ፡ 38 ጸወታታት ምስ ቶተንሃም ዘካየደ ኮይኑ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ እውን ኣብ ኦሎምፒክ ለንደን 2012 ምስታፉ ይዝከር። ምስ ክለባት ዋትፎርድ፡ ብሪስቶልን ሳንደርላንድን ብመልክዕ ልቓሕ ዝተጻወተ ሮስ፡ ኣብቲ ዝስለፈሉ መስመር ምክልኻል ምስ ሓድሽ ተጻዋታይ በን ዴቪድስ ቦታኡ ከውሕስ ልዑል ጻዕሪ ከድልዮ እዩ። ሮስ፡ ኣብ 2007 እዩ ካብ ሊድስ ናብ ቶተንሃም ተሰጋጊሩ።

= ኣሰልጣኚ ቸልሲ ሆዜ ሞሪኖ፡ ንኣጥቃዓይ ክለቡ ፈርንናዶ ቶረዝ ናብ ካልእ ክለብ ከምዘየሰጋግሮ ኣነጺሩ። “እቲ ብሉጽ” ብዝብል ቅጽል ዝፍለጥ ሞሪኖ ንዝመጽእ ዓመት ስፖርት ብቶረዝ፡ ኮስታን ድሮግባን ዝምራሕ መስመር ምጥቃዕ ሒዛ ውድድራታ ከተካይድ እያ።

= ኣከፋፋሊ ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝነበረ ፓርክ ጂ-ሱንግ ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ተፋንዩ። ምስ ማን. ዩናይትድ ንሸውዓተ ዓመታት ዝተጻወተ እቲ ወዲ 33 ዓመት፡ ምስታ ክለብ ኮይኑ ትሽዓተ ጽዋእ ምልዓሉ ይዝከር።

= ወዲ 22 ዓመት እንግሊዛዊ ተኸላኻሊ ክለብ ኣርሰናል፡ ካርል ጀንኪንሰን ምስ ክለብ ዌስትሃም ንሓደ ዓመት ብመልክዕ ልቓሕ ክጻወት ተሰማሚዑ።

= ሊቨርፑል፡ ብኣንፊልድ ንዘፍለጥ ስታድዮማ ንምስፋሕ ዝሓዘቶ መደብ ንምትግባር፡ ኣብቲ ከባቢ ስታድዮም ንዝርከብ መንበሪ ኣባይቲ ከተፍርስ ምጅማራ ተሓቢሩ። እቲ 260 ሚልዮን ፓውንድ ክውድእ ትጽቢት ተገይሩሉ ዘሎ ፕሮጀክት፡ 46,000 ተዓዘብቲ ዝእንግድ ንዝነበረ ስታድዮም ናብ 60,000 ተዓዘብቲ ዝሕዝ ስታድዮም ክብ ክብል መደብ ኣሎ። እዚ መደብዚ ኣብ 2016 ክዛዘም ትጽቢት ኣሎ።

= ኣብ ጺጋማይ ክንፊ መስመር ምክልኻል ክለብ ቸልሲ ዝጻወት ወዲ 24 ዓመት ርያን በርትራንድ፡ ኣብ ሳውዝሃምፕተን ንሓደ ዓመት ክጻወት ብመልክዕ ልቓሕ ምስምምዑ ተገሊጹ። በርትራንድ ዝሓለፈ ዓመት እውን ብልቓሕ ምስ ክለብ ኣስቶን ቪላ ምጽዋቱ ይዝከር።

## እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ?

= ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንኣንሳልዲ ብመልክዕ ልቓሕ ከምዝፈረመቶ ተሓቢሩ። እቲ ወዲ 27 ዓመት ተጻዋታይ፡ መተካእታ ፊሊፔ ሉዊስ ክኸውን እዩ በታ ጋንታ እምንቶ ተነቢሩሉ ዘሎ።

= እስጳኛዊት ክለብ ባርሴሎና ኣብ ቁንጹባት ተጻወትቲ ዘተኮረ መስርሕ ምዕዳግ ከተካይድ ከምዝጀመረቶ ይፍለጥ። እንተኾነ ኣብዚ ሕጂ እዋን ጉልቡታት ተጻወትቲ ናብታ ጋንታ ምስ ምእታዎም እታ ክለብ ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዝርከባ ጋንታታት ብቑመት ተጻወትቲ (ብገምጋም ምኻኑ እዩ) ምስ ቀዳሞት ክለባት ክትስራዕ ክኢላ ኣላ። እዚ ድማ እቲ መስርሕ ኣጸዋውታኣ - ቲኪ ታካ - ኣብ ምብቃዕ ምኻኑ ተንተንቲ ይረዳድኡ።

= ኣብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝነኣድ ናይ ጸወታ ግዜ ዘሕለፈ ሓላዊ ልዳት ኮርቶኣ፡ ናብ ኣደ ክለቡ ቸልሲ ተመሊሱ ምህላው ይፍለጥ። ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዘውዲ ላሊጋ ከምኡ እውን ኣብ ግጥም ፍጻመ ክትበጽሕ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበረ እቲ ሓላዊ ልዳት፡ ዋላ’ኳ ኣብ እስጳኛ ናይ ምጽናሕ ባህጊ እንተነበሮ፡ ብድፍኢት ናይታ ለንደናዊት ክለብ እግሩ ኣብ እንግሊዝ ኣንቢሩ ይርከብ። ኣብ ቸልሲ ዝርከብ ሓላዊ ልዳት ፒተር ቼክ ድማ ምምጻእ ናይቲ ተጻዋታይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ነበር፡ ቦታኡ ከይውረስ ከምዝሰግእ ማዕከናት ዜና እንግሊዝ የጋውሓ። እንተኾነ ኣሰልጣኚ ቸልሲ ሆሴ ሞሪኖ፡ ቅልስ ናይ ክልቲኦም ተጻወትቲ ነታ ጋንታ ኣርባሒ ምኻኑ እዩ ዘረድእ። ክልቲኦም ተጻወትቲ ድማ ከከምኣገዳስኡቶም ናይ ምስላፍ ዕድል ከምዝህልዎም እቲ ፖርቱጋላዊ ዓላሚ ወሲኹ ይዛረብ። ወዲ 22 ዓመት ኮርቶኣ፡ ካብ ፒተር ቼክ ብ10 ዓመት ይንእስ። ፒተር ቼክ ድማ ንዓሰርተ ዓመታት ዘውሓሶ ቦታ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ይርከብ። እቲ ተወላዲ ቼክ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንዝነበሮ ብቕዓት ክዕቅብ እኳ እንተኸኣለ፡ ብሰንኪ ተደጋጋሚ ማህሰይቲ ግን ካብ ጸወታ ክቦኩር ተገዲዱ እዩ። ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ድማ ኣብ መንከቡ መጉዳእቲ ዝገጠሞ ቼክ፡ ኣብዚ ዓመትዚ ብዝግባእ ክዐዱ ከይዕንቀጽ ስግኣት ኣሎ። እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ሓድሽ ተጻዋታይ ክለብ ቸልሲ - ዲያጎ ኮስታ ኣብ ልምምድ ብዝርኣዮ ዝነኣድ ብቕዓት ንኣሰልጣኚ ሞሪኖ መሲጥዎ ከምዘሎ ቢቢሲ ሓቢሩ።







ጆሜትራ ደጀን ተኽለ



# ደዑልን ደቤላን

2ይ ክፋል



ደቤላን ደዑልን ምለእ መዓልቲ ብታሕጓስ ተፈንጨሖም እናበልዑን እናዕረፉን ክጻወቱ ድሕሪ ምውዓል፡ ኢጋ ምሸት ኣግራብን ሓረግን ኣብ ዝተሸፈነ ጣሻ በጺሖም። ምሕር ጸገቦም ብምንባሮም ዓይኖም እናሃረፈ ኣፍም ምምንጫት ኣበዩ። ብጥርማ'ቲ ጣሻ እናተደነቑ ኣብኡ ኮይኖም ዘሕልፍዎ ምቁር ህይወት ክዘክሩ ጀመሩ።

ደቤላ ኣፍ ልቡ ንፍሕ ኣቢሉ "ርኢኻ ደዑል ካብ ሎሚ ንጸዋ በዚ እተው በዚ ወጹ ኢሉ ዝሕውደና የለን። ናጽነትና ብጥልጸምና ኣዊጅና ኢና። ከም ድላይና ንብር ከም ድላይና ንድቅስ፡ እንተደለና ንወፍር እንተደለና ንሓድግ፡ እንሓኽር እምበ ንጓዘ መግደን የለን። ዚ ህይወት'ዚ ከይንእትዎ ኢኻ ክሳብ ሎሚ ዓንቂጸኻና ጸኒሕካ። ረኣዮ'ሞ እዚ ጠጠም እዩ። ኣብ ዘወናውን ሕዞእቲ ኢና በጺሕና ዘለና። ካብ ሕጂ ህይወትና ፍስሃትን ምቁርትን'ያ። ንዘመጸና ጸላኢና'ውን ኣይክንሓምቀሉን ኢና" በለ ኣብ ቅድሚኡ ዝበረ ሳዕሪ እናመንጨተ።

ደዑል ፍጹም ኣይተዛረበን። ቀደም ደቤላ ንኺድ ክብሎ ከሎ ምኽንያታት እናብዝሐ ዘዕናቕፎ ዝበረ ዘኪሩ ብስክፍታ ርእሱ ኣድኒኑ ሰቕ በለ።

እቲ ጫካ ጨቕጨቕታ ጨረሩን ብደምጺ ዝተፈላለዩ እንስሳታት መሊኡ ነበረ። ካልእ ደምጺ እናሃሰሰ ደምጺ ወኻሩን ኣዛብእን ግን ብፍሉይ ኑቲ ከበቢ ተቖጻጸሮ። ደዑል ኣብ ዘለዎ ደው ኢሉ ኣእዛኑ ኩር ኣቢሉ ኑቲ ዝሰምዖ ዝበረ ደምጺ ከረጋግጽ ተጋደለ። ብፍርሂ ወሽጡ እናቀጥቀጠ "ኣንታ ዓርከይ ኣብ'ዚ ጥቓና ደምጺ ወኻርያ እሰምዕ ኣለኹ" ኢሉ ዘረብኡ ከይዛዘመ ሓንቲ ወኻርያ ኣብ ቅድሚኦም ተገተረት። ኣይጸንሐትን ደማ ወያ ወኻርያ ዞኽ ዞኽ እናበለት ካብ ቅድሚኦም ተሰወረት። ትርግታ ልቦም ከይዛሓለ ደምጺ ዕስለ ኣዛብእ እናቐረበ መጸ። መሬት ከይተረፈት'ውን ብደምጺ ኣራዊት ኣንቀጥቀጠት። ደቤላን ደዑልን ተጠማሚቶም መውጽኢ ከም ዘይብሎም ተገንዘቡ። ኣብ ጥቓኦም ናብ ዝበረት ሳግላ ብጉያ ከይዶም ደማ ተጋዲሎም ሓኾሩ።

ሽታቲ ኣፍንጭኦም ዝመርሖም ኣዛብእ 'እንጉይ . . . እንጉይ . . .' እናበሉ ንገረብ ሳግላ ከበብዋ። ደምጾም ካብ ኣብሎም እናጋዓዙ ንገረብ ሳግላ ክፍሕርዋ ተጋደሉ።

ደዑል ብፍርሂ ሸንቲ ክመልቆ ደለየ። "ደቤላ ሸንቲ'ምበር ተወጠጠ" በሎ ደምጹ ኣዛብእ ከይሰምዕዎ እናተጠንቀቐ።

"በል ሸንቲ ከይተንጥረሎም ጥንቅልዒት ኴንካ ኣብ ኑበሽኻ ሽና" በሎ ደቤላ።

ደዑል ከም ዝተባህሎ ክገብር ሸተት ኢሉ ኣብ ማእከል'ቶም ፊን ፊን ዝብሉ ዝበሩ ኣዛብእ ወደቐ። ሃንደበት ኣብ መንጎኦም ዝተፈጥረ ከቢድ ደምጺ ኑቶም ዕስለ ኣዛብእ ልቦም መሺቱ ፋሕ ኣበሎም።

እቲ ምኩሕ ደቤላ ከም ዝተዓወቱ ተዓዚቡ "ኣርክቦም ጥራይ! ኣርክቦም!" እናበለ ንኸሎም ኣዛብእ ካብ ከበቢኡ ሰወሮም።


ኣዛብእ ምስ ተበታተኑ ደቤላ ካብ ሳግላ ወሪዱ፡ ኑቲ ርእሱ ቀቢሩ ዝበረ ደዑል ብምንቅናቕ "ደፋርን ትኩን መውጽኢ ኣይስእኑን'የም። ካብ ቤትካ ወጺኻ ጥዑም ከም ዘለ ግን ተማሂረ'የ። ይቕሬታ ግበረለይ ለኪመካ ነይረ። ሕጂ ኩሉ'ቲ ትብሎ'ኒ ዝበርካ ተረዲኡኒ'የ። ንዝለኻዮ እናማረርካ ንኻልእ ምምዕዳው ዕንወትን ሓደጋን ምኳኑ በሪሁለይ'ዩ። ንሰኻ ንኹሉ ኣመዛዚንካ ኖእ ክትብሎ ከለኻ፡ ኣነ ኣብ ሓይልን ጉልበትን ኣሚነ'የ ደፋፊአ ናብ'ዚ ዘይተደልየ ነገር ኣውዲቐካ። ሕጂ ተቐላጢፍና ንዓዶና ንኺድ" በሎ።

እቲ ብፍርሂ ክንቀጥቅጥ ዝጸንሐ ደዑል ኑቲ ኩነታት ክኣምኖ እናጸገሞ "እንቋዕ ጥራይ ኣብ ሓደ ቅሉዕ ሓሳብ ተረዳዲእና'ምበር፡ እቲ ዝጸበየ ካብ ጌጋና ተማሂርና ንመጻእና ክንምህር እንተኸኢልና ዓወት ከም ዝተጓናጸፍና'ዩ ዝሕሰብ" በሎ የማነ ጸጋሙ ቁሊሕሊሕ እናበለ። ካብ'ቲ ጣሻ ወጺኦም ብዘብርሃን ወርሕን ከዋኽብትን ተመሪሖም ትግዕዘ ሓዲሮም ናብ'ታ ዘዕበዩቶምን ዘማመቑቶምን ደንበ ብሰላም ተመልሱ።

"ኣበይ ኮን ይህልው? እንታይ ኮን ረኺብዎም ይኾውን? ክብሉ ኩብዶም ሓቑፎም ክሻቐሉ ዝምስዩ ዣብታም ሰብኣይን ኣጣሉን መጻአኡን ደቤላን ደዑልን ብሰላም ብምምጻኦም ኣዝዩ ሓጎስ ፈጠረሎም።

ተፈጸመ

## ኣብዘን ክልተ ኣሳእል 12 ፍልልያት ርከቡ



## እዞም ዝስዕቡ ቃላት/ኣስማት ኣብ ሰሌዳ ርኸብዎም

| | | |
|---|---|---|
| Day | Dog | Ear |
| Tea | Goat | Driver |
| Door | Answer | Ocean |
| Good | on | Ant |
| Read | Nine | Net |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| d | O | o | r | e | a | d |
| o | N | i | n | e | a | r |
| g | O | o | d | a | y | i |
| o | C | e | g | n | e | v |
| a | N | s | w | e | r | e |
| t | e | a | n | t | a | r |